ሓዳስ ኤርትራ

መበል 29 ዓመት ቁ.25 | ሰንበት 29 መስከረም 2019 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2 ኮሉ ቃልሲ'ዩ




ገጽ 3 ኣብ ሕልሚ ዝረኣየቶ....



ገጽ 4 ናብ ዓወት ዘብጽሑ....



ገጽ 7 ዓሰርተ ዝበዝሐ ዋናጩ ....



ገጽ 8 ገዝሚ ተረኺቡ



# በዓል መስቀል፡ ብኽብ ዝበለ መዓርግ ተኸቢሩ





ሰ/ የውሃንስ መብራህቱ

በዓል መስቀል፡ ትማሊ 28 መስከረም ኣብ መላእ ሃገር ብኽብ ዝበለ መዓርግ ተኸቢሩ፡፡

ኣብ ኣስመራ - ሜዳ ባሕቲ መስከረም ኣብ ዝተኻየደ - መራሕቲ ሃይማኖት፡ ሰበስልጣን መንግስቲን ግንባርን ኣብ ኤርትራ ዝመደበሮም ዲፕሎማሲያውያን ብዝተሳተፍዎ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ምእመናን ዝተረኽብሉ ስነስርዓት፡ ብመራሕነት ዋና ጸሓፊ ቅዱስ ሲኖዶስ ብጹእ ኣቡነ ሉቃስን ዓቃቤ መንበር ፓትርያርክ ብጹእ ኣቡነ ጴጥሮስን ጸሎት ዓሪጉ፡፡

ብድሕሪኡ፡ ብሰባስያን ሰብ ተራ ስርዓተ-ቅዳሴ ተኻይዱ፡፡

ብመራሕነት መዘምራን ሰሚኢት ቅዱስ ጊዮርጊስ ተራ ቦታ ዝዘመርዎ ሊቃውንቲ፡ ብጸናጽልን ከበሮን ተሰንዩም ሽብሸባ ድሕሪ ምክያድ ከኣ፡ ተመሃሮ ትምህርቲ ሰንበት፡ ንቲ በዓል ዝምልከት መንፈሳዊ መዝሙርን ተዋስኦን ኣቕሪቦም፡፡

ቀጺሎም፡ መምህር ስምኦን በየነ ንታሪኽ ኣመጻጽኣ በዓል መስቀል ዝምልከት ኣስተምህሮ ድሕሪ ምሃብ፡ ህዝቢ ኤርትራ ነዚ ክቡር በዓል ብሓርነትን ሰላምን ከበዕል ዝዘኸሮ ሶሚኢታት - ክብርን ሞገስን ኢሎም፡፡

ኣብ መወዳእታ፡ ብዋና ጸሓፊ ቅዱስ ሲኖዶስ ብጹእ ኣቡነ ሉቃስን ዓቃቤ መንበር ፓትርያርክ ብጹእ ኣቡነ ጴጥሮስን ዝተመርሑ ሊቃውንቲ ነቲ ዝተሰርዐ ዳመራ ብምብራኽ ምስ ኣመሓዳሪ ዞባ ማእከል ሜጀር ጀነራል ሮሞዳን ዐስማን ኣውልያይ ብምኳኑ ብኸባ ወሊዖምዎ፡፡

ተሳተፍቲ መእመናን ድማ ንሓደሽ ዘመን ሰናይ ምጽዋዮም ገሊጾም፡፡

## ማእከል - ልዕሊ 400 ሽሕ ዜጋታት ጸረ-ሕማም ኣንቅጺ ክኽተቡ እዮም

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ኣብ ክሊ ዕድመ 1 ክሳብ 30 ዓመት ዝርከቡ ልዕሊ 400 ሽሕ ዜጋታት፡ ጸረ-ሕማም ኣንቅጺ ክኽተቡ መደብ ወጺኡ ይሰራሓሉ ከምዘሎ ተገሊጹ፡፡

ብ26 መስከረም፡ ብደረጃ ዞባ ዝጦፋ ኣካላት ኣብ ዝተሳተፍዎ ኣብ ዓዲ-ጓዕዳድ ዝተኻየደ ርክብ፡ ዳይረክተር ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ዶክተር ተስፋይ ሰለሞን፡ ኣብ ኤርትራ 11 ዓይነታት ክታበት ከውሃብ ምጅማሩ ብምሕባር፡ ክታበት ኣንቅጺ ብዘይካ ንወሰናት ጊዮሽ፡ ብመልክዕ ወፍሪ ክውሃብ እዚ ናይ ፈለማ ከምዝኾነ ኣረዲኡ፡፡

ዶክተር ተስፋይ ኣብ ዘመሓላለፎ መልእኽቲ፡ ዕላማ ርክብ ብዛዕባ ኣብ መፋርቕ ዝመጽእ ወርሒ ሕዳር ዝበዝሰ ወፍሪ ዘድሊ ሓበሬታ ብምሃብ ጸጋታት ንምንቕስቓስ ከምኡ'ውን ንቕሓት ሕብረተሰብ ክብ ኣብልካ ንምጽናዕ ከምዝኾነ ኣፍሊጡ፡፡

ኣቦ'ቲ ጨንፈር ሓለፍት ኣሃዱ ጥዕና ስድራ-ቤትን ኮምን ሰስተር ደሃብ ሰሎሞን ብወገኖ፡ ኣብ'ቲ ናይ ክልተ ሰሙን ወፍሪ ክዩተኸተብ ዝተርፉ ሰብ ንኸይህሉ፡ ትካላት መንግስቲ፡ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ መዋእለ-ህጻናትን ካልኦትን ዝርከብኦን 417 ነቑጣታት ከምዝቖሙ፡ እቲ ዕማም ድማ፡ 263 ጉጅለታት ሞያውያን ብምውፋር ከምዝሰላሰል ኣፍሊጡ፡፡

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዞባ ማእከል፡ ኮለኔል ጉብረሃንስ ወልደገርጊስ፡ ቅድሚ ክታበት ምጅማሩ ዝግበር ጉስጓስ ኣብ ዓወት'ቲ ወፍሪ ኣዝዩ ኣገዳሲ ብምዃኑ፡ ተሳተፍቲ ንሕብረተሰብ ከፍልጡን ዝቐሰሞዎ ሓበሬታ ከመሓላልፉን ኣተሓሳሰበ፡፡

ጸረ-ሕማም ኣንቅጺ ዝውሃብ ክታበት፡ ሓንሳብ ምስ ተወስደ ንምሉእ ዕድመኻ ዘገልግል እዩ፡፡



ሰ/ ዳንኤል ወልዱ

## ነበርቲ ፎሮ፡ ኣሕዳሪት ቤት-ትምህርቲ ክትህነጸሎም ሓቲቶም

ነበርቲ ንኡስ ዞባ ፎሮ፡ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ዘሎ ትሑት ተሳታፍነት ንምዕባይ፡ ኣሕዳሪት ቤት-ትምህርቲ ክትህነጸሎም ሓቲቶም፡፡

ካብ ኩለን ምምሕዳራት ከባቢ ዝተወከሉ ዓበይቲ ዓድን ኣባላት ባይቶን፡ ብ22 መስከረም ምስ ኣመሓዳሪ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ብሪጋደር ጀነራል ተኽለ ልብሱ ኣብ ዘበርዎ ርክብ፡ ተመሃሮ ድሕሪ 5ይ ክፍሊ ናብ ጉስነት ይምለሱ ከምዘለዉ ሓቢሮም፡፡

ምምሕዳር ዞባ ማዕረ-ማዕረ'ቲ ዞካይዶ ዘሎ ጉስጓሳትን ምትብባዕን፡ ምኽፋት ኣሕዳሪት ቤት-ትምህርቲ ቀዳምነት ክህቦ ድማ ተማሕጺኖም፡፡

ህዝቢ ተጠቃሚ ሓይሊ ኤለክትሪክ ኮይኑ ከምዘሎ ብምጥቃስ ከኣ፡ ንዝበለጸ ምዕባለ ርእሱውጥን ክቕላጠፍ፡ ዘላቕነት ጽሩይ ማይ ቁልሕታ ክወሃብ፡ ንኣደማዕነት ንጥፈታት ምክልኻልን ምፍዋስን ፍግረ-መሬት፡ ናይ ማሽነሪ ደገፍ ክግበረሎም ተላብዮም፡፡

ብሪጋደር ጀነራል ተኽለ፡ ጠለባት ህዝቢ ብብእዋኑን ከም ቀዳምነቱን ይማላእ ከምዘሎን ክቐጽል ምዃኑን ብምሕባር፡ ሓረስቶት ደዛራት ክጸብዩ ግዜ ከይሓልፎም፡ ዓቕሚታቶም ኣወሃሂዶም ዝኸኣሎም ክገብሩ ኣዘኻኺሩዎም፡፡

## ድባርዋ - 70 መንእሰያት ብሞያ ሰልጢኖም

ኣብ ንኡስ ዞባ ድባርዋ፡ ብምርባሕ ደርሁን ንህብን ከምኡ'ውን ብስነ-ጽባቐ ጸጉሪ ዝሰልጠኑ 70 መንእሰያት፡ ብ26 መስከረም ተመሪቖም፡፡

እቶም ካብ ምምሕዳራት ከባቢ መረብ፡ ገዛ-ላምዛን ምስላምን ዝተዋጽኡ ኣለይቲ ስድራ መንእሰያት፡ 18 ደቂ-ተባዕትዮ ብመፍረ ደርሁን ንህብን ንክልተ ኣዋርሕ፡ 52 ደቂ-ኣንስትዮ ድማ ብስነ-ጽባቐ ጸጉሪ ንሰለስተ ኣዋርሕ ዝተማህሩ እዮም፡፡

ኣመሓዳሪ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ፍረወንጌል ተኽለሃይማኖት፡ እቶም መንእሰያት - ብዝቐሰምዎ ሞያ መነባብሮኦም ኣብ ምምሕያሽ ክሰርሑ ብምዝኽኻር፡ ኣብ ኩሉ ንጥፈታቶም ምትሕብባር ምምሕዳር ከምዘይፍለዮም ኣረጋጊጹሎም፡፡

# ዳየሪ




ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ኩሉ ቃልሲ'ዩ

11 ግንቦት 2019 9:00 ድ.ቐ ማይ ነፍሒ.



ዘይጠቅም ነገር ወይ ንእሽተይ ጉዳይ ዝብሃል የለን። ምስ ሞሞና ዘባእስና ዛዕባ ንእሽተይ ክንሱ ዓቢ ዝኾነ ጋህሲ ጽልኢ ፈጢሩ። ክልተና ክንረዳዳኣሉ ዘይምኽኣልና ንፍልልይና ኣጋዲዱዎ። ኣብዚ ወርሒ ተቓላሳይ'የ ኲይነልኪ ዳየረይ። ዝኢታት ዝተረደአ ወዲ ግዛውተይ ዕላል ዝኸፈተለይ ዘኪረ።

"ኣብ ክትሰዕር ክትሰዓር ቀሊል'ዩ።" ከዕልለኒ እንከሎ ዘየስተማቐርኩዋ ሕጂ ከም "እዝጊዮታ" እደጋግማ ኣለኹ። ዘረባኡ ኪይወደአ'የ ኣብ ዕላሉ ሃዲመ። ምኽንያቱ ብዛዕባ እንታይ ክዛረብ ምኳኑ ቀብ ስለ ዘበልኩዋ።

ብፍቕሪ ክልተ ግዜ ተራእየ'የ። ማለተይ ነዚ ሕጂ ኣጋጢሙ ዘሎ ኮንት ከም ሓደ ዓቢ ፍጻመ ወሲደም ዝትንትኑዎ መሊኦም'የም። ውሽጠይ ግን ኣብ ሕማሙን ቃንዛኡን ኣብ ምግልጋል'ዩ ዘሎ። ኣብቲ ትማሊ ዝሰመዓኒ ዝነበረ ረባሺ ስምዒት ብዘበዘሐ ሚእታዊት ሎሚ ይሓይሽ። ከም ሕማቕ ኣጋጣሚ'ውን ኣይረኣኹዎን። ተሸፊኖምኒ ዝነበሩ ነገራት ብኣንጻሩ ይግለጹለይ ኣለው። መቐረት ቡን ዝያዳ ወግዒ ኣደይ ተሓዊሱዎ ብሓቂ ተኻሒሰ'የ። ኣደይ'ውን ግርም'ዩ ኢሉዋ።

"ኣብ መዓስ ኢኻ መሓዛ ኣደኻ ዝኾንካ? እዚ ኮሌጅ ባሕታዊ ገይሩካዶ ኣይነበረን?" እናበለትኒ መልሰይ ትጽቢ። ብዙሕ ግዜ ኮንታተይ ክትፈልጥ ዘይጉርጉረቶ ውሻጠ ኣይነበራን። እንታይ ገበረት እናበልኩ እዋሳኣላ ጥራይ። ነዚታት ዝረኣዩ ኣዕሩኽተይ ሓገዝ እንተ ኹኒ ኣሎም ኣብታ ናቶም ስራሕ ከም ዝኣቱ ገበሩ። ምስ ተመሃሮ ምውዓል ንሕሉፈይ ብናፍቖት ከም ዝምለሶ ገበረኒ። ኣብታ ስራሕ ዝጀምረላ ሞባይለይ ግዛ ገዲፈያ'የ ዝወፍር። ኣደይ ከኣ ተተቐቢላ መልእኽቲ ተጽናሓለይ። ኣብ ስራሕ ክኣቱ ከለኹ ዝግበር ሽብድብድ ምስ ረኣኹ ፍሉይ ዕግበት ይስመዓኒ። ውዕለት ኣደይ ክመልስ ብርቱዕ ህንጡይነት ከሕድረለይ ጀመረ። "ክሰቶ ደዊሉ፡ ክሰቶ ከምዚ ኢሉካ" እናበለት ድሮ ዕላል ኣደ እተወለፈት ኑብሰይ ኣሐጉስ ተብላ።

ከምዚ ኢልና ነዊሕ ገበርና። ብዛዕባ ሞሞና ምሕሳብ ተገዲፋ። ስእላን እተጸሓሕፍናዮ መልእኽቲን ደጊምካ ምንባብ ኣብቂዑ። ፍልልያትና ሕጂ ኢና ፈሊጥናዮም። ሓንሳብ'ውን ምግርጫው ጽቡቕ ምኳኑ ተረዳኣኒ። ክልተና ልኡማት ምንባርና ነቲ ዝተቐብረ ባህርያትናን ሓሳብናን ከውጽኦ ኣይከኣለን። ሓሳበይ ብዛዕባ ግዜ ዘይሃብኩዋ ኣደይን ብዛዕባ ናይ ክረምቲ ተመሃሮይን ኲኑ። ሓደ ሓደ ግዜ ዘሾናኽረኒ ጉፍ ክብለኒ እንከሎ ቀሊጢፈ ከም ዝርስዖ እገብር። ብተኣምር ክትምለሰኒ ብገለ ብልጭ ትብለኒ'ሞ ተስፋይ ይብርኽ። ቀሲለ ዋላ እንተ ነቐጸልካ ሳሓ ዶ ይገድፍ ኲይኑ።

ኣብ ስራሕ ተለፎን ናይ ወዳ ምቕባል እተዋፈረት ኣደ ሎሚ ብርቱዕ በለታ። ቅድሚ ደወል ምቕባላ ብዙሕ መልእኽቲ ናይ ጽሑፍ መጽኣ። ብኮድ ተዓጽዩ ብምንባሩ ክትከፍቶ ኣይከኣለትን። ኣብ ከምዚ ኩላ ተለፎን ተደወለታ። ደዋሊት ካልእ ድምጺ ምስ ተቐበላ፡ "ደሓን ኑቲ ተክስት ከንብቦ እንድዩ ክድውለለይ'ዩ" ብርእሰ ምትእምማን ገለጸትላ። ከምቲ ልሙድ ቤተይ እትው ምስ በልኩ ኣደይ "እዛ ብርኸታ ገለ ኣላታ" ክትብል ከም ዝጸንሐት ብተርባጽ "ሳባ ደዊላትልካ ነይራ።"

"መን'ያ ሳባ?" ክዝክር እናፈተንኩ።

"እንታይ ፈሊጠላ። ምስ ኣንበቦ ክድውለለይ'ዩ ኢላ'ያ ተፋንያትኒ" ሞባይለይ እናቐበለትኒ። ቀልጢፈ ከንብቦ ጀመርኩ። ብሰላምታ ዝተጀመረ ጽሑፍ ከም ዝጠፋእኩ ሓዊሱ "ክስታይ እንድዩ.......ብምንታይ ከም ዝጀምረልካ..... ሞሞና ኣብ ደገ ዝመጽአ መሰታኻ ትብጻሕኩም ተባሂላ.....sorry!" ደጋጊመ ኣንቡበኩዎ እተለወጠ ቃላት ኣይነበረን። ሳባ ኋል ኣሞኣ ንሞሞና'ያ። ኣይመለስኩላን። እቲ እተሰመዓኒ ንዓኺ ጥራይ ገዲፈ ከም ቀደመይ ምንባር ተተሓዚኩዎ። መሊሰ ተረረ! ክስዕር'ምበር ክሰዓር ከም ዘይቅበሎ ንኑብሰይ እናኣበድኩ ነጊረያ። ኣዕሩኽተይ "ኣይትፍቅራን ኢኻ ነይርካ" ክሳብ ዝብሉ ኾኑ። እንታይ ተሓጽያ ኢለ እምኒ ክድርቢ? ናይ ደገ ተመርዕያ ኢለ ጸጉረይ ክነጺ? ወሸለ ከም ዝቐብጻ ገይሩ። ገለ ናይ ውሽጠይ ዝሰመዓኒ ግን ክገልጸላ ምደለኹ፣ ብሓንሳብ ከለና ዘሕለፍናዮም ጥዑማት እዋናት ብሓባር ክንዝክሮ ምደለኹ፣ ንናይ ክልተና ስምዒታት ብሓባር ክንቀብሮም ምደለኹ።

ኣብ ናይ ሓደ መማህርትና ሓዘን ክንበጽሕ ምስ ከድና ተራኺብና። ከቢድ ጽዕነት ዝተጻዕና ምርኻብ። ኣጋጣሚ ብሓንሳብ ወጺእና። መስዩ ብምንባሩ ኣዕሩኽተይ "ከነፋንወኪ፡" በሉዋ፣ ንሳ ግን ኣቕበጸት። በይንና ተሪፍና፣ ምስ ዓርከይ ነበር ሕጂ ግን ሕጽይቲ። ምስኣ ክረአ ደስ ኣይበለንን። ክንደይ'ንድዩ ዘሎ ምስ ዘየለ ኣራብሒ ዘህሉ? ክንደይ'ንድዩ ዘሎ ብቐንኢ ሰኺሩ መደባት ፋሕ ዘብል? ነዚታት ተረዲአ እቲ ኣብ ውሽጠይ ዝነበረ ገለጽኩላ።

"ፈጣሪ ንኽልተና ክንውድእ ዘየኻእለና ምኽንያት ይህሉዎ ይኸውን። ብርግጽ ከኣ ኣሎዎ። ብሓንሳብ ከለና ዘሕለፍናየን እዋናት ዝርስዐን ኣይኮንኩን። ዘይድገም ኢና ኣሕሊፍና። ጸጽቡቕ!" ተፋነኹዋ። ድሕሪ እዛ ምሸት ግን ካልእ ዘረባታት ሰማዕኩ። "ሕርርር ኢሉ! ብቐንኢ ልልው ኢሉ! ዝዛረቦ ኣይፈልጥን'ዩ። በቃ ተጣዊሱ....፡" ዳየረይ ክቐጽለልኪ ኣይከኣልኩን። ግን ገረመኒ። ኣነ ምስ ኑብሰይ ኪይሰዓር እቃለስ፣ ንሳ ኸኣ ክሳብ ሕጂ ቃልሳ ምሳይ'ዩ ጸኒሑ። ዓወትና ይሃበና ዳየረይ።

Nby Peace

## ጆርናል

## "ዛንታ'ታ ዕላል....!"

18 መስከረም 2019 5:00 ድ.ቐ ድባርዋ

ብርትዐ ጸሓይ ንዘሹኑ ፍጡር ምስጢር ኣይነበረን። ገለ ጸግዒ ጸግዒ ኣብ ጽላሎት ተዓቂቡ ዝኸይድ ገለ ከምዚ ከማይ ከኣ፡ በታ ንእሽተይ፡ ንዓቢ ህድኣት ንእልሽ ክንመስል ኣብ ዝረኸብናዮ ኣብ ትሕቲ ጽላል ንሰፍር። ዝጽበዮ ዝነበርኩ መካይድተይ ብምድንጓዩ ኣብ ናይ ህዝባዊ ተለፎን ጽላል ተዓቒብ እጽበዮ ነበርኩ። ኣብ ቅድመይ ክልተ ሓደስቲ መርዐት ዝመስላ ተራኺብ'ሞ ኣጸቢቐን ናፍቖተን ኣውጽኣ። ኣብ ከባቢአን ዝፈጠረአ ስምዒት ሓያል ስሕበት ፈጢሩ ኣብዛ ኣፈን ከም ዝኣቱ ገበረኒ።

"ኣበይ ደኣ ትነብሪ? ሸውዓተ ዓመት ገይሩ ይኸውን ኣብ ዘይንራኸብ?" እታ ዝሓሸ ወዝ ዝነበራ ኣትረራ ሓተተት።

"ግዜ ደኣ እንታይ ኣሎዎ'ደዩ? ሳሚ ተወሊዱስ ካልኣይ ክፍሊ እኳ በጺሑ" ንሳሚ ኣናረኣየት መለሰትላ። ብዓልቲ ወዝ ንሳሚ ዳግማይ ኣጥቢቓ ሰዓመቶ። ኣብ ገጻ ከቢድ ስምዒት ተፈጥረ። ዝጸንሐ ዝርርብ ዝኸሪ ውሒጡዎ ዝሰማዕ ኣይነበረን። ኣነ ግን ዝያዳ'ቲ ክውን ነገረን ክግምት ሓሳባተይ ኣዋፈርኩ። እተዋፈሩ ሓሳባተይ ከይተመለሱ፡



"ኤፍሬምከ ደዊሉልኪዶ ይፈልጥ? እዝክሮ'የ ምስ ጠነሰኪ ዝነበረ ህሞት?" ንናይ ሸውዓተ ዓመታት ዝነበረ ምስጢራት ክትፈልጥ ዝደለየት ክትመስል ብሕቶታት ዕረፍቲ ከለኣታ።

"ህ....... እናፈለጥኪ ኣብታ ቶማስ ዘራኸበና ምሽት ገጹን ድምጹን ርእየን ሰሚዐን ኣይፈልጥን። ቶማስከ ከመይ ኣሎ?"

"ቶማሰይ ጽቡቕ ኣሎ። ዓሱብ'ዩ ዘሎ። ኣብ ሓሳብና ኣዕሪፍኪ ኣይትፈልጥን። ዕላልና ዘበለ ናትኪን ናይዚ ሕጂ ዝተላለኹዎ ናይ ሸዑ ዕሸል ሳሚን'ዩ፡" ክትስሕቕ እናፈተነት። ኣብ ክልተአን ዝዓሰለ ሰቕታ ምስ ውሽጠይ ከዕልል ግዜ ሃበኒ። ንሳሚ ከኣ ደንገጽኩሉ፣ ምኽንያቱ ገጽ ኣቦኡ ርእዩ ከም ዘይዓበየ ምስ ፈለጥኩ።

"ስድራና'ውን ሓሚቖም'ዮም፣ እንተገደደ ደሃይኪ ክፈልጡ ዘይምኽኣሎም። ሕጂ ወዲ ወድኹም ኢልካ ምልላይ እንታይ ይዓብስ። ሳሚኸ ከመይ ኣቢሉ ክላለዮም? ኣብ ውሽጡ ሐዘዎ ዘሎ ስምዒት ቀልጢፉ ኣይወጽኣሉን'ዩ።"

"ሓቅኺ ኢኺ። ንሱ፡ ንዓይ ልዕሊ ማንም'ዩ። ንዕኡ ኢለ ዝኸፈልኩዎ መስዋእቲ ሕጂ ምስ ጉበዘ ትኻሒሰ'የ። እምበር ዘሕለፍኩዎ ህይወት ደኣ!" ንሳልሳይ ግዜኣን ምስ ዝኸሪ ኣዕለላ። ክጽበዮ ዝጸናሕኩ ወትፍ በለኒ። ኣፋ ኣትሒዘ "እዛ ዝጀመርኩዋ መጽሓፍ ከይዛዘምኩዋ ኣይኪይድን" ኢለ ከሰቅጥ ተላበኹዎ። ንሱ ግን ዛንታ እታ ዕላል ክፈልጥ ደለየ። ተጸናጺነ መስመር ዘትሓዝኩዎ ዛንታ እናሃወኸ ኣሕለፈለይ።

"እንታይ ኢኻ ክንዲ'ዚ ተረቢጽካ? ወረ ከመይ ከመይ ኢኻ ትኸውን ዘለኻ ሚኪ?" ካልእ ትርኢት ተፈጥረ።

"እንታይ ኢኻ ሰሚዕካ?" እናበለ ኣዋጠረኒ። ኣነ ኸኣ ስመን ዘይፈልጠን ብዓልቲ ወዝን ኣደ ሳሚን እናበልኩ ዝሰማዕኩዎ ነገርኩዎ። እንቃዓ ኣስተንፈሰ። ምሕር ተረበሸ። ንሰን ግን ዕላለን ይቕጽላ ነበራ።

"ይገርመካ'ዩ! ኣብ ጽርግያ ክረኽባ ሓሲበ ኣይፈልጥን። እሞ ኸኣ ኣብ ምድሪ ዓለም ዝተሳእነት ሄዋን ብእዝዚ ዓርከይ ተረኺባ!" ደነቐ።

"እዋእ!?" መትሓዚ ሰኣነሉ። ኣብ ሓደ ትርኢት ክልተ ድራማ ኲኑኒ።

"እዛ 'ብዓልቲ ወዝ' ዝበልካያ ኤደን ትብሃል። እዛ 'ኣደ ሳሚ' ዝበልካያ ከኣ ሸዊት ትብሃል። እዚ ቁልዓ ኸኣ...!" ኣሰቀጠ።

"ኣበይ ትፈልጠን? እዚ ዝነገርኩኻ ዛንታኸ ትፈልጦ ዲኻ?" ምስ ተርባጸይ።

"ብዕላል ደኣ ኣብ ዝጉብዝ ኣትሒዘ እፈልጦ'ምበር። ኤደን ኋል ሓትነይ እያ። ሸዊት ከኣ መሓዛኣ ዝነበረት'ያ። ሸዊት ንኤፍሬም ሓወይ ዓርኩ ዝነበረት ኲይና ጥንሲ ምስ ኣጋጠመ ገዲፋዋ ከይዱ። ሳሚ ኸኣ ወዲ ሓወይ'ዩ። ደሃይ ዝብሃል ቀቢጽና ኢና። ብኸመይ ተራኺብን? ከይደ ሰላም ክብለን'የ። እዚ ክትኣምኖ ተጸጊምካ ዘለኻ ኸኣ ይጋሃደልካ፡" ኢሉኒ ተበገሰ። ኣነ ግን እቲ ዝፍጠር ኮንት ኣፍሪሑኒ ዓይነይ ዓመትኩ።

ዝተጻሕፈ ዘበለ ኣብ ዕለቱን ቦታኡን ኣይሓልፍን። ከም ደቒ ሰብ መጠን ግን ክንሻቐል ብዘመስለና ንነገራት ተንቲንና ናብ ዘየድሊ ገጽ ኑብጸሖ። ኣነ'ውን ከምዚ ይፍጠር'ዩ ኢለ ኣይኮንኩን ተጸጊዐ ዝተጻናጸንኩ። ስምዒታት ምንባብ ኣዝዩ ዝምስጠኒ ነገር'ዩ። ንኻልእ ሰብ ክርድኦ ዘይክእል፡ ኣነ ግን ክርድኦ ምስቲ ስምዒት ከዕልል'የ ዝውዕል። ዳየረይ ጽባሕ ምስ ምንጪ እቲ ዛንታ የራኽበና።

ርእሰ-ክርናዕ

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም
ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ኤርምያስ ገብረልዑል
ሺሃብ ኣርኣያ
ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ። 127749 - ቍ.ሳ.ጳ. 247

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ. 200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጳ. 1284

ለይ-ኣውት
ሊድያ ስልጣን
ሳምራዊት መለስ
ትንሱእ ፍስሃየ
ሰማያዊት ሓይለኣብ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍናን ሚኪኤል

# ካ ብዝን ብትን

ሳልማን ስራጅ

## ኣመሪካ፡ እንስሳታት ንስለያዊ ስራሕ ትጥቀም ነይራ



ኣመሪካ፡ ኣብ እዋን ዝሑል ኲናት እንስሳታት ተጠቒማ ኣብ ልዕሊ መቐናቕንታ ዝነበረት ሕብረት ሶቭየት - ስለያ ተኻይድ ምንባራ ሲ. ኣይ ኤ ተኣሚኑ።

እቶም ኣብ ስለያዊ ስራሓት ተዋፊሮም ዝነበሩ እንስሳታት፡ ኣዕዋፍ፡ ዓሳ፡ ኣኽላባትን ደማሙን ኢዮም ነይሮም።

እቲ ኣብ 60ታትን 70ታትን ዝካየድ ዝነበረ ስለያዊ ስራሕ፣ ኣብ ረጋቢት ክሳብ 35 ግራም ዝምዝን ካሜራ ብምግጣም ይፍጸም ነይሩ።


ኣብ ባሕሪ ንዘንቀሳቐሳ መራኽብን ሳብ ማሪንን ድማ ብመንገዲ ዓሳ ዶልፊን ምክትታል ይግበረለን ነይሩ።

እተን ረጋቢት ከኣ፡ ኣብ ሞስኮ ኣብ ዝርከብ ኤምባሲ ኣመሪካ ብምብጋስ ስለያዊ ስራሕ ይፍጽማ ምንባረን ተፈሊጡ።

ድሕሪ ምብትታን ሕብረት ሶቭየት-ነበር፡ ኣመሪካ ላዕለዋይ ኢድ ብምጭባጥ እንኮ ሓያል ሃገር ክትከውን በቒዓ ኢያ።

ይኹን እምበር፡ ሩስያ ኣብዚ እዋንዚ ብኹሉ መዳይ እናሓየለት ትኸይድ ብምህላዋ፣ ኣብ መንጎ ክልቲአን ሃገራት ዝነበረ ምስሕሓብ ናብቲ ዝነበሮ ክምለስ ተኽእሎ ከምዘሎ ተንተንቲ ይገልጹ።

## ሩስያ - ፈረስ ኣውቶቡስ ክድይብ . . .



ኣብ ሩስያ ከተማ ሰይንት ፒተርስበርግ፡ ሓደ ፈረስ ናብ ኣውቶቡስ ክድይብ ብምፍታኑ፡ ኣቓልቦ ተዓዘብቲ ስሒቡ። እቲ ፈረስ ኣብ ከባቢ መጸበይ ኣውቶቡስ ሳዕሪ ክበልዕ ድሕሪ ምጽናሑ፡ እታ ኣውቶቡስ ምስ መጸት ልክዕ ከም ተሳፋራይ ናብ ኣፍ-ደገ ናይታ ኣውቶቡስ ብምምጻእ'ዩ ክድይብ ፈቲኑ። ኣፍ-ደገ እንተዘይዕጾ ምደየበ ነይሩ።

ዋና ፈረስ መን ምዃኑ ኣይተሓበረን - ኣብቲ ከባቢ ዝጠፍአ ክኸውን ከምዝኽእል እዩ ተገሚቱ ዘሎ።

እቲ ፍጻመ ብቪድዮ ተሳኢሉ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ ድሕሪ ምዝርጋሑ፣ ብዙሓት ሰባት እዮም ርእዮቶ ሂቦምሉ።

ሓደ ካብቲ ዝቐረበ ርእይቶታት - "እንስሳታት፡ ንወዲ ሰብ ብግዴኻ ኣገልግለና' ዝብሉሉ ግዜ ግዲ ኣኺሉ እዩ" ዝብል እዩ።

## ብሪጣንያ - ብወርቂ ዝተሰርሐ ዓይኒ - ምድሪ ተሰሪቑ



ኣብ ብሪጣንያ ቤተ-መንግስቲ ብለንሃይም፡ ብወርቂ ዝተሰርሐ ዓይኒ-ምድሪ ከምእተሰርቐ፡ ፖሊስ እታ ሃገር ሓቢሩ።

እቲ ባዓ ዓይኒ-ምድሪ፡ ብ18 ካራት ወርቂ ዝተሰርሐ ኮይኑ፣ ዋጋኡ ሓሙሽተ ሚልዮን ዶላር ይበጽሕ። እቶም ሰረቕቲ ክልተ ማካይን ተጠቒሞም ወጋሕታ ከምዝወሰዱዎ ድማ ተፈሊጡ።

እቲ ብኢጣልያዊ ስነ-ጥበባዊ ማውሪዝዮ ካቴላን ዝተሰርሐ ወርቃዊ ዓይኒ ምድሪ፡ ንምርኢት ኣብ ሙዝዩም ናይቲ ቤተ-መንግስቲ ዝተቐመጠ ኮይኑ፣ ሓደ ካብ ዓበይቲ መስሕቢ ተሪዚም'ዩ ነይሩ።

እቲ "ኣመሪካ" ተባሂሉ ዝጽዋዕ ወርቃዊ ዓይኒ ምድሪ፡ ኣብቲ ቤተ-መንግስቲ ምስ ተተኸለ፡ ድሕሪ ክልተ መዓልቲ'ዩ ተሰሪቑ። ፖሊስ ንሓደ ጥርጡር ኣብ ቀይዲ ኣእቲዩ ኣሎ።

ቅድሚ ናብ ብሪጣንያ ምምጻኡ እዚ ብወርቂ ዝተሰርሐ ዓይኒ ምድሪ፡ ኣብ ኒውዮርክ ኣብ ዝርከብ ሙዝዩም ንምርኢት ቀሪቡ ነይሩ። ኣስታት ሚእቲ ሽሕ ሰባት ድማ ተዓዚቦምዎ።

ዝሓለፈ ዓመት ነቲ ወርቃዊ ዓይኒ ምድሪ ኣብ ዋይት ሃውስ ንምትካሉ ዝቐረበ ሓሳብ፡ ፕረሲደንት ትራምፕ ከም ዘይተቐበሎ ጸብጻባት የመልክቱ።

## ስነ - ስርዓት ሕጹዶ ወይስ ወተሃደራዊ ስርሒት?



ኣብ ሃገራት ምዕራብ፡ ክሕጹ ዝደለየ መንእሰይ ነታ ዝደለያ ጓል ሂዋን ዕታር ዕምባባ ወይ ናይ ቃል ኪዳን ቀለበት ብምብርካት'ዩ ፍቕሩ ዝገልጸሉ። ኣብዚ እዋንዚ ኣብ ሩስያ ተኣታትዩ ዘሎ ኣገባብ እምበኣር፡ ካብዚ ፍልይ ዝበለ ብምዃኑ ኣቓልቦ ብዙሓት ሰሒቡ ኣሎ።

እዚ ብመንእሰያት ዝዘውተር ዘሎ ኣገባብ፡ ወተሃደራዊ ስርሒት ደኣ'ምበር፡ ጽምብል ሕጹ ኣይመስልን ኢዩ፡ ክሕጹ ዝደለየ መንእሰይ፡ ወተሃደራዊ ክዳን ለቢሱ ብረት ብምዕጣቕ፡ ብኣባላት ጸጥታ ተዓጂቡ'ዩ ናብታ ጓል ዝኸይድ። ኣብ ቀድሚ'ቶም ዓጀብቱ ድማ ሕቶኡ የቕርብ።

ኩሉ'ቲ ንሱ ዝፍጽሞ ግን ነታ ጓለንስተይቲ ንምፍርራህ ከምዝይኮነ መርገብ ኦዲቲ ሰንትራል ይገልጽ።

ኣብዚ ስራሕ ዝጦፍ "ሰቢትስታንስ" ዝተባህለ ኩባንያ ኣሎ። እዚ ኩባንያ ኣብቲ ናይ ምዕዳብ ስራሕ ዝጦፉ ኣባላት ጸጥታ ኣለውዎ።

ኩባንያ "ሰቢትስታንስ" ኣብ 2010 ኣገልግሎት ዝጀመረ ኮይኑ፡ ኣብዚ እዋን ኣብ መላእ ሩስያ 14 ጨናፍር ዘርጊሑ ይርከብ።

እዚ ወተሃደራዊ ስርሒት ብዝመስል ኣገባብ ዝፍጸም ሕጹ፡ ተፈታውነቱ እናዓበየ'ዩ ዝኸይድ ዘሎ።

ይኹን እምበር፡ ሃንደበት ዝፍጸም ብምዃኑ - ስምባደ ዝፈጥረሉ ኣጋጣሚታት እውን ኣሎ።

ብሰንኩ ኣብ ልዕሊ'ታ ጓል-ኣንስተይቲ ይኹን ቤተሰባ ብዝዕባ ዝወርድ ስነ-ኣእምሮኣዊ ማህሰይቲ፡ እቲ ኩባንያ ተሓታቲ ከምዝኸውን እዩ ዝጠቅስ።

## ኣብ ሕልማ ዝረኣየቶ፡ ምስ ተበራበረት ጋህዲ ኮይኑ ዝጸንሐ መንእሰይ

ጂና ኢቫንስ ዝተባህለት መንእሰይ፡ ምስ ሕጹያ ብበጦር እናተጓዕዘት እንከላ - ኣብ ድቃሳ ዝሓለመቶ፣ ምስ ተበራበረት ሓቂ ኮይኑ ጸኒሑዋ።

ንሳ ኣብ ሕልማ፡ ጸላእቲ ናብታ ምስ ሕጹያ ተሳፊራታ ዝነበረት ባቡር ብምድያብ፡ ከለሉብዋም እዩ ተረኣያዋ። ልዕሊ ኩሉ ድማ ነታ ናይ ሕጸ ቀለበታ ከይወስዱላ ብምስጋእ፡ ብማይ ኣሺሃ ክትውሕጣ ኣብ ሕልሚ ተራእያ።

ብድሕሪዚ እያ ካብ ድቃስ ተበራቢራ።

ኣጸቢቓ እንተረኣየት ግን ወያ ቀለበት ኣብ ኢዳ ኣይጸንሐትን። ንሕጹያ ብዛዕባ'ቲ ኣብ ሕልማ ዝረኣየቶ ኩሉ ምስ ኣዕለሉ፡ ናብ ሕክምና ከይዶም ከረጋግጹ ተረዳዲኦም።


እታ ቀለበት ኣብ ከብዳ ክትጸንሕ ዝከኣል ግን ኣይነበረን። መርመራ ምስ ገበረት እምበኣር፡ እታ ቀለበት ኣብ ከብዳ ከምዘላ ተረጋጊጹ።

እታ ቀለበት ብመጥባሕቲ ምስ ወጸት፡ ሕጹያ ከምብሓድሽ ኣብ ዝተዳለወ ስነ-ስርዓት፡ ኣብ ኣጻብዕታ መሊሱላ።



ጂና ሕጹያ በቢ ከምርዓዋ ምዃኑ ቃል ብምእታው፡ "ነታ ቀለበት ካልኣይ ግዜ ከይትውሕጥያ" ኢሉዋ ትብል።

## ብሃልሃልታ ሓዊ ቃንዛ ጭዋዳታት ዝፍውስ ምስራዊ



ኣብ ናይል ደልታ ዝነብር ዓብዱራሓም ሰዒድ ዝተባህለ ግብጻዊ ኢዩ፡ ንሱ ብሃልሃልታ ሓዊ ቃንዛ ጭዋዳታት ብምፍዋስ ተፈላጥነቱ እናዓበየ ይኸይድ ኣሎ።

ወዲ 35 ዓመት ዝኾነ ዓብዱራሓም፡ እቲ ዝጥቀመሉ ዘሎ ናይ ፍወሳ ሜላ፡ ሃልሃልታዊ መሐበሲ (Fiery Towel) ዝበሃል ኮይኑ፣ ቀዳሞት ፎርኦናውያን ዝጥቀሙሉ ዝነበሩ እዩ።

በዚ ሜላ ዝፍወስ ሕመም፡ ብርክት ዝበለ ንኣሽቱ ኣጭርቅቲ ኣብ ሕቑኡ ብምቕማጥ፡ ንሓደ ደቒቕ ዝኣክል'ዩ ኣብ ዝባኑ ከምዝድድ ዝግበር። ብመንገዲ'ቲ ኣብ ዝባኑ ዝድድ ሃልሃልታ፡ እቲ ቃንዛ ዘስዕቦ ዝነበረ ጠሊ ካብ ኣካላቱ ከምዝወጽእ መንእሰይ ዓብዱራሓም ይገልጽ።

ብዙሓት በዚ ኣገባብ ዝተፈወሱ ሰባት እውን፡ ፍቱን መድሃኒት ምዃኑ ይዛረቡ ኣለው።

እንተኾነ፡ እዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ሜላ ፍወሳ ልዑል ጽቕጢ ደም፡ ሕማም ከሊትን መድመይትን ንዘለዎም ሰባት ኣየገልግልን ኢዩ።

መንእሰይ ዓብዱራሓም ነዚ ባህላዊ ፍወሳ - ኣብ ሞርኮ ከም እተማሃሮ ኢዩ ዝዛረብ። ኣብዚ እዋንዚ ከኣ ካብ ብዙሓት ምስራውያን ተቐባልነት ዝረኸበ ይመስል።

## ሙምያ መሲሉ ባንክ ዝራሰየ መንእሰይ ብፖሊስ ይድለ



ኣብ ኣመሪካ ግዝኣት ቴክሳስ፡ ሙምያ መሲሉ ባንክ ዝሰረቐ መንእሰይ ንምርካብ ህዝቢ ክተሓባበር FBI ጸዊዑ።

እቲ ኣብ 20ታት ዕድመ ዝርከብ መንእሰይ፡ ገጹን ኣእዳዉን ብሻሽ ተጠቕሊሉ፡ ዝሓለፈ 13 መስከረም ካብ ሓደ ባንክ ብርክት ዝበለ ገንዘብ ድሕሪ ምስራቕ እዩ ተሰዊሩ።

ብመሰረት ሓበሬታ ፖሊስ፡ ቁመት እቲ መንእሰይ 1.8 ሜትሮ ዝበጽሕ ክኸውን እንከሎ፣ ነቲ ስርቂ ኣብ ዝፈጸመሉ እዋን ቀቢዕን ኣርተፌሻል ጸጉሪን ወድዩ ነይሩ።

ብዛዕባኡ ሓበሬታ ዝሃበ ሰብ፡ ሓሙሽተ ሽሕ ዶላር ጉነፆ ክወሃብ ምዃኑ ፖሊስ ገሊጹ ኣሎ።

## ሕጉስ ንምዃን ካብ ዝሕግዙ ኣገባባት

- እኹል ዕረፍቲ ምርካብ።
- ዝበዝሐ ግዜኻ ምስ ስድራ ቤትካን ፈተውትኻን ምሕላፍ።
- ብዛዕባ ሕሉፍን መጻእን መደባትካ ምስትንታን/ኣዕሚቑካ ምሕሳብ።

## ሜላታት ኑብሰ ምምዕባል

ወዲ-ሰብ ኑብሱ ብምምዕባል ዝሓሸ ሂወት ንኽነብር ክኽተሎም ዝኽእል ዝተፈላለዩ ኣገባባት (ሜላታት) ኣለው። ገለ ካብኦም፦

- ዕላማ ሂወትካ ምውሳን።
- ኣብ መንጎ ትምህርትን ካብኡ ዝርከብ ፍልጠትን ዘሎ ጋግ ምጽባብ።
- ሓደስቲ ለውጥታት ቀጻሊ ምክትታልን ካብኡ ምምሃርን።
- ዝጋጥሙኻ ጸቕጥን ጸገማትን ንምግጣም ዝሕግዙ ሜላታት ምምዕባል።
- ኣብ ሂወትካ ኩለንተናዊ ለውጢ ምግባር።

# ናብ ዓወት ዘብጽሑ ሜላታት

መርሃዊ ገብረሚካኤል



ኣብ ጉዕዞ ህይወትና ንዕበየትና ኣዝዩም ሓገዝቲ ኢጋጥሚታትን ነገራትን ክፍጠሩ ልዑል ተኽእሎ ኣሎ። እዞም ኢጋጥሚታት እዚኣቶም ኑቲ ክንጭብጦ እንደልዮ ዕላማ ኣብ መፈጸምታ ክነብጽሕን፡ ንነገራት ብኸሉ ሸነኻቶም ክንዕዘቦምን ከምኡ'ውን ንዚጋጥሙና ብደሆታት ብድፍረት ክንገጥም፡ ደራኺ ኣበርክቶ ዘለዎም'ኳ እንተኾኑ፡ ብሰንኪ ዘይምስትውዓልና ግና፡ ከይተጠቕምናሎም ንተርፍ። እዞም ነገራት ኣብ መብዛሕቲኡ እዋን መሰረታውያን ኣሰሩድ ዓወት እናተባህሉ ክጽውዑ ይስምዑ።

ነፍሲ-ወከፍ ሰብ ኣብ'ዛ ሓንትን ዘይትድገምን ናይ ምንባር ዕምሩ፡ ዕወት ኮይኑ ክዕበር ዘይብሆገን ዘይደልን መቸም ክንደናናይ ከይህሉ። እቲ ምንታይሲ ትርጉምን ዕላማን ምንባርና ኣብ ኩሉ ንጥፈታት እዛ እንነብረላ ዓለም፡ ዕዉታትን ተዘክሮትን ብምኳን ዘይሃስስ ታሪኽ ጉዲፍና ክንሓልፍ ስለ እንደሚ'ዩ። እዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ድማ ገለ ካብ'ቶም ናብ ዓወት ንኽትብጽሕ ዝሕግዙ መሰረታውያን ረቛሒታት እዮም።

***ዓቕሊን ትዕግስትን፡*** ኣብ'ዚ ዘየርጉእ ማሕበረ ቁጠባውን ፖለቲካውን ሃዋህው ዓለምና፡ ሓደ ሰብ ኮምፓስ ጉዕዞ ህይወቱ ክመሓብልን ንዘፍጠር ኩነት ብዘይምስትውዓልን ንነገራት ኣጸቢቑካ ብዘይምርዳእን ናብ ዘይተደልየ ስጉምቲ ንምውሳድ ኣብ ዝደፋፍእ ግዜ፡ ህላወ ትዕግስቲ ኣዝዩ ወሳኒ'ዩ። እቲ ምንታይሲ ኩሎም ኣብ ዓለም ከጋጥሙ ዝኽእሉ ክስተታት ግድን ምስ ባህልን ልምድን ሓደ ሰብ ተሳንዮም ክኸዱ ፈጺምካ ስለ ዘይከኣል'ዩ። ዘለኻዮ እዋን ንዘዘተፈጥሩ ፍጻመታት ኩነ ሸግራት፡ ከም ኣመጻጽኣኦም ንኽትፈትሖም፡ ዓቕልን ትዕግስትን ትሕተትሉ መድረኽ'ዩ። እዚ ምኳኑ ተረዲእካ ሰንካ ነኺስካ ሓቦ ግበር። ምናልባት ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ዓቓል ምኳን ከም ፋሺኑ ዝወደቐ ኣቕሓ መሰሉ ክረአ ይኽእል ይኸውን፡ እንተኾነ ኣብ መወዳእታ ንሓደ ውድድር ዝዕወተሉ እቲ ዓቓል ምኳኑ፡ ምፍላጥ ግና ኣገዳሲ'ዩ። ስለ'ዚ ዓቕሊ ኢይትጸንቐቕ!!!። ውድድርካ ምስ ጉዜአ ርእሰኻ ጥራይ ይኹን። ሻቡ፡ ዓቕሊ ኒታ ለፀምን ብቐሊሉ ዘይትጸዓድን ኑበሰኻ ንኽትረኽበ ክትሕግዞካ'ያ።

***ተበግሶ ክእለት፡*** ፍልጠት ኩነ ሞያ፡ ብተግባር እንተ ዘይተሰነዩ ከንቱ'ዩ። እቲ ምንታይሲ ተግባር ንሕልምታትና ናብ ክውንነት ለዊጡ ባህግና ካብ ዘስምሩ መሰረት ዓወት ስለ ዝኾኑ። ንነገራት ብኸሉ መኣዝናቶም ብግቡእ ከይድማዕሎም እንተ ደኣ ኩይንና፡ ንኸሉ እንተታት ድሌዋት ብምኳን ዕላማና ብተግባር ንምውቃዕ፡ ጸገሕ ከይበልና ለሚ ንበለ። ኣብ ጉዕዞ ህይወት፡ ሕልምታት ኣብ ምስዋር ተራ ሓደ ሰብ ከም ኣጉዳሲ ዒኢታ ክትወስዶ የብልካን። እኳ ደኣ ተበግሶ ሓደ ካብ'ቶም ቀንዲ ቅድመኩነት ዓወት ምኳኑ ኣሚንካ፡ እጅግኻ ሰብሲብካ ተበገሰ። ምናልባት ንነገራት ዝያዳ ግዜ ሂብካ ትሰርሖም ምህላውካ፡ ንግዚኡ ሓጎስ ካብ ዘበርክቱ ነገራት ክትእለ ትኽእል ትኸውን፡ ኣብ መወዳእታኡ ግና ትኩላሰሉ መድረኽ ከምዝሎ ክተስተብህል ይግባእ።

***ኣተኩሮ፡*** ኣቓዲካ ንዘጀመርካዮ ሰራሕ ምሉእ ግዜን ኣተኩሮን ሃብ። እዚ ምናልባት ብዙሕ ዘየገድስ መሰሉ ክረአ ይኽእል ይኸውን። ኣተኩሮ ዘገደሎ ሰራሕ፡ ስሉጥነት ክህልዎ ከምዘይክእል ግና ኣቓዲምካ ክትግንዘቦ ዘለካ ጉዳይ እዩ። ነዚ ፈሊጥካ ኣብ ኩሉ መዳያት ኣተኩሮኻ ኣዕዝዞ።

***ቀጻልነት፡*** ኣብ ግዜ ጸገም፡ ልዕሊ ዝኾነ እዋን ኣገዳሲ ነገር እንተደኣ ሃልዩ፡ ድልየታትካ ብግዚያዊ ሸግር ካብ ቀጻልነት ከታርፉኻ ንዘኽእሉ ብደሆታት ብትብዓት ክትገጥሞም ምኽኣል'ዩ። ኣቓዲምካ እንታይ ከም እትደሊ ድልየታትካ ኣጸርር። ባህግታትካ ብርግጽ ክትብጽሖም ከም ትኽእል እመን። ክሳብ ኣብ'ቲ እትደልዮ ምዕራፍ እትበጽሕ ከኣ፡ ዕለታዊ ንጥፈታትካ ብቐጻሊ ገምግም። ዓብይቲ ባህግታት ብኣቋራጭ ክትዕወተሎም ኣይትኻልን። ስለ'ዚ ክንዲ ዝወሰደ ግዜ ይውሰድ፡ ባህግታትካ ንምጭባጥ፡ ጉዕዞኻ ብቐጻሊ እናተኸታተልካ ወጽኢቱ ተዓዘብ።

***ኢድቃቐነት (Grind):*** ክእለትካን ሞያኻን ንምዕባይ ክሕግዙካ ካብ ዝኽእሉ ኣገደስቲ ስልጠናታት ኩነ ኣስተምህሮታት ብተደጋጋሚ ተኸታተል። ምኽንያቱ ኣብ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ኢጋጥሚታት፡ ኑቶም ምስ ሞያኻ ምትእስሳር ዘለዎም ነገራት ብሰንኪ ሕጽረት ግዜን ካልእ ምኽንያትን ብግቡእ ክትደህሰሶምን ኣራኺቦ ዝሰኣንካሎም ኣርእስታት ኣድቂቕካ ክትፈልጦምን ዕድል ዝፈጥር ምቹእ ኢጋጥሚ ስለ ዝኾነ ሸለል ኢይትበል።

***ማስዋእትነት (Sacrifice):*** ነፍሱፍትወት እቲ ዝኸፈአ ባህሪ ደቂ-ሰብ'ዩ። ነዚ ባህሪ መኽተምታ ክትገብረሉ ድማ፡ ሓያል ድሰፕሊን ይሓትት። ኑቲ ግዝያዊ ሓጎስ ጥራይ ከበርክተልና ዝኽእል ነፍሱፍትወት፡ ኣብ መወዳእታ ካብ ጥቕሙ ጉድኣቱ'ዩ ዝዛይድ። ቀጻልነት ዘይብሉ ሓጎስ፡ ምሉእ ሓጎስ ክኸውን ኢይክእልን'ዩ። ናብ ዓወት ከብጽሓካ ዘሎ ተኽእሎ'ውን ኣዝዩ ድኑት'ዩ። ስለ'ዚ ነዚ ወገድ ኢልና ኣብ ውሳኔታትና ጥንቁቃት ብምኳን ኣብ ጉዕዞ ህይወትና ኣብ ባህልን ልምድን ሕብረተ-ሰብ ዝተሰረተ እወንታዊ ኣተሓሳስባ ብምምንጋው፡ ሓበራዊ ዓወት ከጉናጽፈና ዝኽእል ሰናይ ተግባር ክህልወና ይግባእ።

***ጥምሐት (Ambition):*** ንጹር ዕላማን ራእን ምውናን፡ ሓደ ካብ ነጥበ መቐየሮ ህይወትና'ዩ። ክንበጽሖ እንደሊ ጥሙሕ ምስ ዘይህልወና፡ ኣንፈት ጉዕዝና'ውን ካበይን ናበይን ምኳኑ ክንፈልጦ ኣብ ዘይንኽእል ደረጃ ክንበጽሕ ተኽእሎ ኣሎ። ስለ'ዚ ጥሙሕና ኣጸሪርና፡ ክዐውቱና ዝኽእሉ ስትራተጂ ክንቕይሰ ይግባእ።

# ኣገረምቲ ሓቅታት



*ኣብ እዋን ወሊድ፡ ፍልልይ ኣብ መንጎ ክልተ መናቱ እቲ ዝወሓ ግዜ ብምኳን ኣብ መዝገብ ክብረ ወሰን ሰፊሩ ዘሎ 87 መዓልታት ከምዝኾነ።

* እቲ ንመጀመርታ እዋን ኣብ ፕላኔት ወርሒ ዝሸነ ሰብ፡ በዝ ኣልድሪን ዝተባህለ ኮይኑ ድሕሪ ናይ ቁሩብ ደቓይቕ እግሩ ኣብ ፕላኔት ወርሒ ዘንበረላ ምኳና።

* ኣተር ዝተባህሉ እንስሳ ባሕሪ፡ ካብ ድፊኢት ባሕሪ (ማዕበል) ንምክልኻል ኣእዳዎም ሓፍ ኣቢሎም ከምዝድቅሱ።

*ገሉ-ገለ ዓሌታት ጉበየ ብመቐመጫኦም ከምዘስተንፍሱ።

* ኣብ ቻይና፡ ፓንዳ ማለት ንደቢ ዝመሳሰል ጻዕዳን ጸለምን ሕብሪ ዘውንን መጥባዊ እንስሳ ምቕታል፡ ናይ ሞት መቕጻዕቲ ከምዝስዕብ።

*ሳሬት ክትፍርር ከምዘይትኽእል።

*ኣስር ኣፍንጫ ኣኽላባት፡ ልክዕ ከም ኣሰር ኣጻብዕቲ ደቂ ሰባት ከምዝፈላለ፡ መለለዩኦም ምኳኑ።

# ተረኺብ ዘረባ

ኣብ ሓደ ኣዝዩ በሪኽ ዓዲ ዝምቕማጣ ሓንቲ ዓባይ ሰበይቲ ነበረት። እታ ሰበይቲ ምስ ግዜ እናተዳኸመትን እናኣረገትን ብምምጽኣ፡ ኑቲ ኣብ ጥቓ እቲ እትኣትወሉ ዓዲ ተደኩኑ ዝርኩብ ዓቐበት ንምውጻእ፡ ኣዝያ ክትሸገር ጀመረት። ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ኑቲ ኣድካሚ ዓቐበት ወዲኣ ኣብ ዝባን እታ ዓዲ ምስ በጸሐት፡ ብቐረባ ምስ እትፈልጦ ወዲ ዓዳ ጎፍ ንጎፍ ይራኸቡ'ሞ፡ ደሃይ ዓዲ ክተሓተቱ ጀመሩ። ኣብ መንጎ ዕላሎም ከኣ እተን ሰበይቲ ድኻመን ስለ ዘይወጸለን እንቅዓ-እንቅዓ እናኣስተንፈሳ፡ "እዋይ እዛ ዓቐበት እዚኣስ ወደይ፡ እንታይ ኢና ክንገብራ ወዲኣትና'ኮ" እናበለት ብዙሕ ከተንጸርጽር ድሕሪ ምጽናሕ ቀጺላ፡ "ክትፈልጥ ነዛ ዓቐበት በዛ ስነይ! ብስነይ'የ ዝብለካ ወዲኣያ" ብምባል፡ ናይ ልበን ተዛረባ። ነዚ ብኣንክሮ ክሰምዕ ዝጸነሐ ወዲ ዓደን ዘረባኣ ኣሰደሚምዎ፡ "እምባእ ህዝበይ ሙብልዒ ስኢናስ ንሰኽን ከኣ መራገጺ ገይርክናኦ" ኩብል፡ ሃንደበትን ዘይተጸበየቶን ዘረባ ሰንዲዩለን ተዓዘረ።

# ኣነቓቓሕቲ ቃላት

<u>***ይቕረታ***</u>

. "ይቕረ ብምባልካ፡ ቅኑዕ ሰብ ስለ ዝኾንካ ማለት ኣይኮነን። ይቕረታ ምግባር ንኡበሻኻ ካብ ኩሉ ሕማቕ ስምዒታት ነጻ ምግባር ማለት'ዩ"።

***ስቶርሚ ኦማርትያን***

. "እቲ ድኹም ፈጺሙ ይቕረ ኣይገብርን። እቲ ምንታይሲ ይቕረታ መግለጺ ሓያል ሰብ ስለ ዝኾኑት"።

***ማህተማ ጋንዲ***

. "ንጸላእትኻ ይቕረ በሎ። ኣስማቶም ግን ኣይትረስዕ"።

***ኢብራሂም ኣልፈቂ***

<u>***ቅንዕና***</u>

. እቲ ቀዳማይ ምዕራፍ መጽሓፍ ስሉልና ቅንዕና ዩ።

***ቶማስ ጃፈርሰን***

. ቅኑዕ ምኳን ብዙሓት ፈተውቲ ክህልዉኻ ዝሕግዝ ጥራይ ዘይኮነ፡ ንኡበሻኻ ኩሉ ግዜ ቅንዕቲ ኮይና ንኽትረኽበ የኽእለካ።

***ጆን ለኖን***

. ቅንዕናን ግሉጽነትን ዝተሓወሶ ገጸ ባህሪ ብምውናንካ ጥራይ ተኣፋፊን ተጎቃፍን ኢኻ፡ ብዘኾነ ኮይኑ ግን ቅኑዕን ግሉጽን ኩን።

***ማርክ ትሬዝ***

# ዛንታ ስእሊ

እዚኦ፡ ኣባል ፖሊስ ኣመራጎ ኩይና፡ ኣብ ቀብሪ ሓደ ብጻያ'ያ ዘላ።

ንሱ፡ ሞተር ብሽክለታ ሒዙ ንሓንቲ ሕጊ ትራፊክ ዝጥሓሰት ማኪና ደው ኩብል ኣብ ዝፈተነሉ፡ ካብ ተሳፈርታ ሃንደበት ብዝተተኩሶ ጠያይት'ዩ ሂወቱ ዝሰኣነ።

ኣብ'ኺ እታ ፖሊስ ደው ኢሉ ዘሎ ከልቢ፡ ዋንኡ መዋቲ ኮይኑ፡ ቀብሪ ኣብ ዝተኻየደሉ ስርዓት ንሬሳ ዋናኡ ኣሰኒዩ ዝመጸ እሙን ኣገልጋሊ'ዩ። እቲ ዘርም ከኣ፡ እቲ ዝሞተ ፖሊስ ሒዲይ'ዛ ምሉእ ዩኒፎርም ለቢሳ ዘላ ጓል-ኣንስተይቲ ምኳኑ'ዩ። ንሱ ከምዚ እንዕዘቦ ዘሎና፡ ንብርቱዕ ሓዘና ተጻዊራ ከም'ቲ ግቡእ ንሕጹያ ብወተሃደራዊ ሰላምታ ኣሰንያ እናተፋነውቶ እንከሎ ንዕዘብ። እዛ ስእሊ ብሰኣሊ ኮላን ፓስን ዝተወሰደት'ያ።






# ሰንበት




# ቈልዑ



*መም. ዮናስ ሃብተ*

## ሳላ ምንባብ

ስኒት ተማሃሪት ሻምናይ ክፍሊ እያ ዝነበረት። ወለዳ ከኣ ናውቲ ትምህርቲ ከይጎድላ፡ ሳእንን ክዳንን ከይትስእን፡ ከምኡ'ውን ከይትጠምን ከይትጸምእን እናበሉ ብዓቕሞም ብዙሕ ይከናኸንዋ ነበሩ። ንሳ'ውን ንወለዳ ብትምህርታ ተሐጉሶም ነበረት። ዓመት ዓመት'ውን ሽልማት ትወስድ ነበረት። እንተኾነ ግን ሻድሻይ ክፍሊ ምስ በጽሐት፡ ትምህርቲ ሸለል ክትብል ጀመረት። ኩሉ ሓሳባ ድማ ብዛዕባ'ቲ እቶም ሃብታማት ደቂ ቤት ትምህርታ ዝኽደንዎ ክዳውንትን ዝረግጽዎ ሳእንን ጥራይ ኮነ።

ኣብ ትምህርታ እናሓመቐት ከደት። እቲ ሽልማት ምውሳድ ተሪፉ፡ እቲ ምሕላፍ'ውን ብሰንከልከል ኮነ።

እቲ ኣብ ገዛ 'ዝን' ምባላ፡ ብመዘናግዒታት ክፍወስ ከም ዝኽእል ይርደኦም ነበረ። እንተኾነ ግን ስኒት ክትዘናጋዓሉ እትኽእል ተለቪዥን፡ ቴብ ወይ ራድዮ ኣብ ገዝኦም ኣይነበሮምን።

ሓደ ምሸት ኣቡኣ፡ "እዛ ጓለይስ ምሳይን ምስ ኣዲኣን ምዕላል ካብ ገደፈቶ፡ እሞ ኣብ ገዛና ድማ ንዕኣ ከዘናግዕ ዝኽእል ዝኾነ ይኹን መዘናግዒ ካብ ዘይሃለወ፡ ዋላ መጽሓፍ ክገዝኣላ፡



" ብምባል፡ ሓንቲ ንቈልዑ እትኸውን ጽብቕቲ መጽሓፍ ገዚኡላ መጽአ ኣሞ፡ "ስኒት ጓለይ እንኪ ጽብቕቲ መጽሓፍ ኣምጽኤልኪ!" ብምባል፡ እታ መጽሓፍ ሃባ።

ስኒት ሸዑ፡ "ካብ ትም ምባልስ ነዛ መጽሓፍ ምንባብ ይሕይሸ፡" ኢላ፡ ነታ ኣቡኣ ዘምጸኣላ ሓዳስ መጽሓፍ ናብ ምንባብ ኣተወት። ዛንታ ናይታ መጽሓፍ ስለ ዝመሰጣ እውን ከየቋረጸት ምሉእ ምሸት ከተንብባ ኣምሰየት። ነታ መጽሓፍ ኣንቢባ ክሳብ እትውድኣ'ውን ኣይደቀሰትን። እታ መጽሓፍ ኣቲኣ ከኣ፡ ነቲ ኣናኸፍኣ ዝኸይድ ዝነበረ ጠባይ ናይ ስኒት ናብ ንቡር ከም ዝምለስ ዝገበረት፡ ጽብቕቲ መጽሓፍ ነበረት።

"ሓደ ግዜ ብዙሓት ዕንቍርያባት...፡" ምንባብ ጀመረት ስኒት። "ሓደ ግዜ ብዙሓት ዕንቍርያባት ኣብ ገምገም ቀላይ ኮይነን እናዕለላ ጸሓይ ይጽለዋ ነበራ እሞ፡ ሓደ ሓርማዝ ማይ ክሰቲ ናብቲ ቀላይ መጽአ። እተን ዕንቍርያባት ድማ፡ ነቲ ሓርማዝ ፈሪሐን ነታ ጥዕምቲ ጸሓይ ገዲፈን 'ጦምቦላሕ! ጦምቦላሕ!' እናበላ፡ ናብቲ ዝሑል ቀላይ ኣተዋ። ኣብ ውሽጢ'ቲ ቀላይ ኮይነን እቲ ሓርማዝ ክሳብ ዝኸደለን እናተጸበያ ከለዋ ግን፡ ሓንቲ ካብኣተን ግዝፊ ናይቲ ሓርማዝ ስለ ዝመሰጣ፡ ቀው ኢላ ጠመተቶ። ክንድኡ ክትከውን ከኣ ተመነየት። 'ዋላ ተነፊሐ ክንድኡ ክኸውን ኣለኒ፡' ኢላ ስለ ዝሓሰበት ድማ፡ ክንድኡ ምእንቲ ክትከውን ኢላ ክትንፋሕ ጀመረት።

ኣታ ዕንቍርያብ ክትንፋሕ ምስ ጀመረት፡ ኣብቲ ጥቓኣ ኮይና ዝረኣየታ ካልእ ዕንቍርያብ፡ "ኢሂ ደኣ እንታይ ትገብሪ ኣለኺ?" ብምባል ሓተተታ። እታ ትንፋሕ ዝነበረት ዕንቍርያብ ድማ፡ "ክንድ'ዚ ትርእይዮ ዘለኺ ሓርማዝ ክኸውን ደልየ እየ ዝንፋሕ ዘለኹ፡" ብምባል መለሰትላ። እታ ብጸይታ ኣዝያ ለባም ስለ ዝነበረት፡ መሓዘኣ እናተጋገየት ትም ኢላ ክትርእያ ኣይደለየትን። ከምዚ ብምባል'ውን ክትመኽራ ፈተነት።

"ርኢኺ'ዛ ሓብተይ፡ ኩሉ መመጠኑን ዓቓኑን'ዩ ዘለዎ። ንሕና ዕንቍርያባት ክንዲ'ዚ ሓርማዝ ክንከውን ኣይንኽእልን ኢና። እቲ ሓርማዝ ድማ፡ ክንዳና ክኸውን ኣይክእልን እዩ። ስለዚ ፍጥረትካ ንዒቕካ ንኻልኦት ክትመስል ምፍታን ጽቡቕ ኣይኮነን፡" ብምባል መዓደታ።

እታ ክንዲ ሓርማዝ ምኻን ደስ ዝበላ ዕንቍርያብ ግን፡ ምኽሪ ብጸይታ ክትቅበል ኣይደለየትን። "ናይ ግድን ክንድ'ቲ ዝረኣኹዎ ሓርማዝ ክኸውን ኣለኒ፡" ብምባል'ውን ምንፋሓ ቀጸለት። ኣብ መወዳእታ ድማ ተተኹሳ ሞተት።

"ኣነን እዛ ተተኩሳ ዝሞተት ዕንቍርያብን እንታይ ፍልልይ ኣለና?" በለት ስኒት ነታ መጽሓፍ ኣንቢባ ምስ ወድኣታ።

"እታ ዕንቍርያብ ዘይንሳ ክትክመስል ደልያ፡ ኣብ መወዳእታ ተተኩሳ ሞይታ። ኣነ ግን ዘይንሰይ ክመስል ክምነ ጸኒሐስ፡ ዕድለኛ እየ ተተኩሰ ከይሞትኩ ከለኹ ጌጋይ ተረዲኡኒ። ስለዚ ጌጋይ ክእርም ኣለኒ፡" ብምባል ሓሰበት። ካብታ ግዜ እቲኣ ጀሚራ ድማ፡ ጠባያ ኣረመት። ከምቲ ናይ ቀደማ፡ ኩሉ ኣድህቦኣ ናብ ትምህርቲ ጥራይ ብምግባር'ውን ኣብ ትምህርታ ኣዝያ ነፍዐት።

***

 **ሞራል**= ሳእንኻ፡ ማዕረ እግርኻ! 

## ሕንቲሕቲኽ



ኣብዛ ጫፍ መልሓሰይ

*መምህር፡ "ኣብ ኬሚስትሪ $NHO_3$ ዝብል ፎርሙላ እንተጽሒፍና እንታይ ኢልና ኣለና ማለት እዩ?"*

*ተማሃራይ፡ ". . . እእእ! ከም ገለ ምውጻእ ኣብያትኒ እምበር፡ ኣብዛ መልሓሰይ እያ ዘላ መምህር?'*

*መምህር፡ "ናይትሪክ ኣሲድ ሓደገኛ ኣሲድ እዩ'ሞ፡ በጃኻ ቀልጢፍካ ጡፍ በሎ!"*

***


## ሕማቕ ምህሮ

Does'nt hurt me!

I like to box<br>
How I like to box!<br>
So, everyday,<br>
I Box Alex,<br>
In yellow socks<br>
I box Alex.<br>
I box in yellow<br>
box socks.<br>
You know why,<br>
Because he knows me,<br>
His does'nt hurt me.

### ስለ ዘይሃስየኒ

ምጉሳጥ ክፈቱ!<br>
ጉድ'ዩ ከጸልለኒ!<br>
መዓልታዊ'ኳ'ዩ ተጓሰጥ ተጓሰጥ ዝመጸኒ።<br>
ግን ከኣ ክጓሰጥ እንተደልየ፡<br>
መጓሰጥተይ ኣለልየ፡<br>
ምስ ኣሌክ'የ ዝጓሰጥ፡<br>
ብጫ ጓንቲ ወድየ።<br>
ምኽንያቱ ንሱ፡<br>
ስለ ዝፈልጠኒ፡<br>
ፍጹም ኣይደልይን እዩ፡<br>
ንዓይ ክሃስየኒ።



**ሞራል**= ንባእሲ ባእሲ ኢና ንብሎ። 'ጉስጢ' እንተ ኢልና ግን፡ ንስፖርታዊ ጸወታ ኢልና እንገብሮ ቅልስ እዩ። ኣብዚ ንባብ ጉስጢ ክብለና ከሎ ንጸወታ'ዩ ዘመልክተልና ማለት እዩ። "ምስ ኣሌክ እየ ዝጓሰጥ፡ ስለ ዘይሃስየኒ፡" ክብለና ከሎ፡ "ክጻወት ከለኹ ንዓይ ብዘይሃስየኒ ነገራት እየ ዝጻወት፡" ይብለና ከም ዘሎ ጌርና ንረድኣዮ። ከም ዝፍለጥ ብዙሓት ቈልዑ ክጻወቱ ክብሉ ኣብ ሓደጋ ክወድቁ ይረኣዩ እዮም።

ስለዚ ክንጻወት ክንብል ኣብ ሓደጋ ምእንቲ ከይንወድቕ፡ እቲ ጸወታናን ኣጸዋውታናን፡ ንዓናን ንኻልኦትን ብዘይሃሲ መገዲ ክኸውን ኣለዎ። ምስ መን ንጻወት? ብምንታይ ንጻወት? መዓስ ምጻወት ከኣ ክንፈልጥ ይግበኣና።




ሃማመተኤ

# ምኽሪ ሰንበት

1042

124256

## ጸጋመይቲ ጡብይ እምበር......!

ኣማኻሪት፦ ሄለው፡ ናብ ሃማመተኤ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተሌፎን ደዊልኪ ኣለኺ። መን ክብል ካበይከ ትድውሊ ኣሎኺ?

ደዋሊት፦ ራሄል እብሃል። ጓል 26 ዓመት ካብ ዓሰብ እየ ዝድውል ዘለኹ።

ኣማኻሪት፦ ሕራይ ራሄል እንታይ ክሕግዘኪ።

ደዋሊት፦ ኣብዚ ቀረባ እዋን ኩነታት ጸጋመይቲ ጡብይ እናኣሰከፈኒ መጺኡ እሞ ምኽሪ እንተ ረኺበኩ ኢለ እየ ዝድዉል ዘለኹ። ምኽንያቱ ኣብዚ ቁሩብ ግዜ ከምዘስተብሃልክሉ ጸጋመይቲ ጡብይ ጥረ ዝመስል ነገር ኣሎዋ።

ኣማኻሪት፦ ካብ ተስተብህልሉ ክንደይ ይገብር?

ደዋሊት፦ ሕጂ ደኣ ከባቢ 5 ወርሒ ኮይኑ ኣሎ።

ኣማኻሪት፦ ራሄል፡ ኣደ ቆልዓ ዲኺ ማለተይ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ተጥቡዊ ዲኺ ዝሎኺ?

ደዋሊት፦ ወሪዱኒ! ዘይተመርዓኹ'ኳ።

ኣማኻሪት፦ ሕራይ ራሄል፡ ምስ ጸባ ጡብ ዝተሓሓዝ ጸገማት ከይከውን ኣቐዲሙ ክንጽረልና ስለዝደልኹ እየ ሓቲተኪ። ካብቲ ዝረኣኽሉ ግዜ ዓቐን ናይቲ ጥረ ይውስኽ ዘሎ'ዶ ይመስለኪ?

ደዋሊት፦ ዓቐኑ' ኳ ክንዲ ንእሸተይ ፍረ ለሚን እዩ። ክሳብ ሕጂ ድማ ክገዝፍ ወይ ክንእስ ኣይረኣኽዎን። ግን እታ ጥረ ዘለዋ ጡብይ ካብታ ካልኣይቲ ቁሩብ ትንእስ።

ኣማካሪት፦ ቃንዛ'ኸ ኣለዎ 'ዶ?

ደዋሊት፦ ቃንዛስ የብሉን።

ኣማካሪት፦ ናብ ሕክምና'ኸ ከይድኪ'ዶ ትፈልጢ?

ደዋሊት፦ ብሎሚ ጽባሕ መዓልታት ሓሊፉ። ክሳብ ሕጂ ኣይከድኩን ዘለኹ። እቲ ቐንዲ ዘፍርሓኒ ዘሎ ግን መንሸሮ ከይብሃል እዩ።

ኣማኻሪት፦ ዝኸበርኪ ራሄል፡ ኩሉ ኣብ ጡብ ዝወጽእ ጥረ መንሸሮ ማለት ኣይኮነን። እዚ ናትኪ ጥረ'ዉን ዘይመንሸሮኣዊ ጥረ ክኸውን ይኽእል እዩ። ነዚ ንምርግጋጽ ግን ናብ ትካላት ጥዕና ብምኻድ ኣድላዪ ዝኾነ መርመራታት ክትገብሪ ኣሎኪ። ስለዚ እታ ቀዳመይቲ ክትገብርያ ዝግበኣኪ ስጉምቲ ናብ ሕክምና ምኻድ እያ።

ደዋሊት፦ ስለዝስ መንሸሮ ዘይኮነ ጥረ'ዉን ኣሎ ማለት እዩ። ጠንቂ ደኣ'ሞ እንታይ ክኸውን ይኽእል?

ኣማኻሪት፦ ከምቲ ዝበልክዮ መንሸሮ ዘይኮነ ጥረ ኣሎ። ቀንዲ ጠንቂ ናይዚ ዘይመንሸሮኣዊ ጥረ ድማ ምእካብ ፈሳሲ ወይ ድማ ስብሓዊ ክፋል ናይ ጡብ እዩ። እዚ ጥረ መንሸሮኣዊ ድዩ ዘይመንሸሮኣዊ ድማ ድሕሪ ሕክምናዊ መርመራ እዩ ዝረጋገጽ። እቲ ዝበዝሐ ኣብ ጡብ ዝወጽእ ጥረ ግን ዘይመንሸሮኣዊ ኮይኑ ብቀሊሉ ክፍወስ ዝኽእል እዩ።

ደዋሊት፦ ናተይ ግን እኳ ወላ ዓቀን ክልቲኡ ጡብይ በበይኑ እዩ። ከምቲ ኣቐዲመ ዝነገርኩኺ እታ ጥረ ዘለዋ ጡብይ ትንእስ። ስለዚ'ስ እቲ ጥረ እዩ ዝበልዓ ዘሎ ኢለ እየ ዝሻቐል።

ኣማኻሪት፦ ኣብዚ 5 ወርሒ ዉሽጢ ጡብኪ ዘርኣየቶ ለውጢ ኣሎ ድዩ? ማለተይ ካብቲ ዝነበረቶ ትደቅቕ ዘላ ኮይኑ ይስመዓኪ ኣሎ ድዩ።

ደዋሊት፦ ብተዛማዲ ካብታ የማነይቲ ትንእስ ደኣ እምበር ለውጢ'ሲ ኣይረኣኹላን።

ኣማኻሪት፦ ከምዚ ትብልዮ ዘለኺ እንተኾይኑ ከም ባህርያዊ ኢና ክንወስዶ። ምኽንያቱ ሓንቲ ካብታ ካልኣይቲ ጡብ መጠናዊ ዝኾነ ፍልልይ ክህልዋ ንቡር ተርእዮ ስለዝኾነ። ግን ሓንቲ ሕቶ ክሓተኪ፡ ነዚ ኩሉ ተርእዮታት ናይ ጡብኪ ብኸመይ ከተስተውዕልሉ ከምዝኸኣልኪ'ዶ ምነገርክኒ?

ደዋሊት፦ መጀመርታ ነቲ ጥረ ኣጋጣሚ ነብሰይ እናተሓጸብኩ ከለኹ እየ ኣስተብሂለሉ። ካብኡ ንድሓር ግን ዳርጋ ኣመል እዩ ኮይኑኒ። ጸጋመይቲ ጡብይ ከይዳህሰስኩ ዊዒለ ኣይፈልጥን።

ብድሕሪኡ እየ ድማ ኣብ መስትያት ኮይነ ምስ ረኣኽዎ ጸጋመይቲ ጡብይ ከም ትንእስ ዘስተውዓልኩ።

ኣመኻሪት፦ የማነይቲ ጡብኪ'ኸ ፈቲሽክያ'ዶ ትፈልጢ?

ደዋሊት፦ እዋእ መጀመርታ ሰንቢደ ወላ የማነይቲ ጡብይ እየ ጥዑይ ገይረ ርእየያ። ግን ወላሓንቲ ኣይረኸብኩላን። ብድሕሪኡ ግን ዳህሲሰያ ኣይፈልጥን እየ።

ኣማኻሪት፦ ዝኾነት እኽልቲ ጓለኣንስተይቲ ባዕላ ከተዘውትሮም ዝግበኣ ኣገባብ ጡብ ፍተሻ ከም ዘሎ'ኸ ትፈልጢ'ዶ?

ደዋሊት፦ ኣይፈልጥን ከመይ ማለት እዩ ባዕልኻ ደኣ?

ኣማኻሪት፦ እዚ ባዕላዊ ፍተሻ እንተ ወሓደ ኣብ ወርሒ ሓደ ግዜ ድሕሪ ወርሓዊ ጽግያት ዝግበር ኮይኑ። ነፍሲ ወከፍ ጓላንስተይቲ ክትገብሮ ይግብኣ። እዚ ድማ ብኸምዚ ዝስዕብ ኣገባብ ይትግበር።

ጸጋመይቲ ጡብካ ንምፍታሽ፦ ጸጋመይቲ ኢድካ ብድሕሪ ርእስኻ ብምሕላፍ ብማእከላይ ክፋል ኣጻብዕቲ ናይ የማነይቲ ኢድካ ጌርካ ካብ ከባቢ ቲሽቱሽ ብምጅማር ክሳብ ላዕሊ ጫፍ ጡብ ብክባዊ መልክዕ ወይ ድማ ካብ ላዕሊ ንታሕቲ ካብ ታሕቲ ንላዕሊ ብምድህሳስ ንኩሉ ክፋል ጡብካ ትፍትሾ።

የማነይቲ ጡብካ ንምፍታሽ ድማ፦ የማነይቲ ኢድካ ብድሕሪ ርእስኻ ብምሕላፍ፡ ብማእከላይ ክፋል ኣጻብዕቲ ናይ ጸጋማይ ኢድካ ተጠቒምካ ብከምቲ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ኣገባብ ትፍትሾ።

ኣብ መስትያት ብዘይክዳን ጠጠው ብምባል ድማ ኣእዳውካ ኣብ ርእስኻ ብምስቃል ወይ ድማ ኣብ ሽምጥኻ ብምሓዝ ኣብ ኣጥባትካ ዝተጋንነ ናይ ዓቐን ፍልልይ ከይህሉ ክተስተብህሊ ይግባእ።

እዚ ባዕላዊ ፍተሻ ጡብ ንዝኾነ ኣብ ጡብካ ክጋጥም ዝኽእል ከበድትን ፎኽስትን ሕማማት ብኣግኡ ብምልላይ ቁልጡፍ ፍወሳ ንክትረክብ ይሕግዘካ። ስለ'ዚ ራሄል ነታ ጥረ ዘይብላ ጡብኪ ዉን ብኸምዚ ተገሊጹ ዘሎ ኣገባብ ክትፍትሽያ ይግባእ።

ደዋሊት፦ እዚስ ሰሚዐዮ ከማን ኣይፈልጥን ካብ ሕጂ ግን ክተግብሮ እየ። ነዛ ጥረ ዘለዋ ጡብይ ግን ግድን ኣብ ሕክምና ከይደ እየ ከረጋግጾ ዘለኒ ማለት ድዩ?

ኣመኻሪት፦ ብርግጽ። ኣብ ዝቀልጠፈ መዓልቲ ናብ ሕክምና ምኻድ ከድልየኪ እዩ። ከምቲ ኣቐዲመ ዝገለጽኩልኪ እቲ ዝበዝሐ ጥረ ናይ ጡብ ብቀሊሉ ክፍወስ ዝክእል ዘይመንሸሮኣዊ ስለዝኮነ ዘሎኪ ፍርሒ ከተወግዲ ይግባእ።

ደዋሊት፦ ሕራይ በሊ፦ ብቀደሙስ ዘይፍርሒ እዩ ብእግረይ ኣሲሩኒ፡ ሕጂ ግን ካብ ጽባሕ'ዉን ኣየሕልፋን እየ። ንዝሃብክኒ ሓበሬታ ከኣ ኣመስግነኪ።

ኣመካሪት፦ ገንዘብኪ፡ ብወገነይ ሰሰናዩ እምነየልኪ። ሰላም ምሸት።

# ሕብረተሰብ

## ንተዓረቕ'ባ

ኣስቴር የማነ

ምስ ሓንቲ'የ ተመሓዝየ ዓብየልኩም። ከም ገጻት ናይ ሓንቲ ሳንቲም፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ጉዕዞና ተፈላሊና ዘይንፈልጥ ኣዚና እንፋቶ መዛኡ ኢና። ናተይን ናታን ዝምድና፡ ብልክዕ ንዕኡ ዝውክል ስም ክረኽበሉ ኣይከኣልኩን ዘለኹ። ሓብተይ ከይብላ ከይንእሳ፡ መሓዛይ እንተበልኩዋ ድማ ልዕሊ ዓይነታት ምሕዝነት ዝኸደ ርኩብ ስለዘለና ይውሕዳዶ፧ ሓንሳብ ከም መዘናይ ኮይና ክትርደኣኒ ትጸንሕ፡ ጽንሕ ኢላ ከኣ መምህረይ ኮይና፡ ቅኑዕን ጌጋን እናበለት እርማት ተብዝሓለይ። ብዝኾነ፡ ከም'ቲ ልሙድ "መሓዛይ" እናተበሃሃልና ኢና ንጸዋወዕ። ሌላና.... ብኸመይ ከም ዝጀመረ ብርግጽ ኣይዝከርን እየ። ኣብ'ቲ ኣስናነይ ክጎርፍ ዝጀመርኩሉ ግዜ ክኸውን ከም ዝኽእል ግን ግምት ኣለኒ። ኣነ ክልተ ናይ ቅድሚት ላዕለዋይ ኣስናነይ፡ ንሳ ኸኣ ሓንቲ ናይ ታሕቲ ቅድሚት ስና ሸሪፋ ብሓንሳብ ክንጻወት ንውዕል ከም ዝነበርና ግን እዝክር። ርኩብና ኣዝዩ እናደልደለ ብምኻዱ ድማ ክሳብ እዛ ለይቲ እዚኣ ብፍቕሪ ብሓንሳብ ኣለና።

ብንኣሽቱና'ኳ ብዙሕ የስተብህለሉ እንተዘይነበርኩ፡ እናጎበዝናን እናኣስተውዓልናን ምስ ከድና ግን ተፈጥሮ መሓዛይ ካብ ተራ ሰብ ፍልይ ዝበለ፡ 'ድንቂ' ምዃኑ ኣስተውዓልኩ። መልክዓ፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናጸበቐት'ያ እትኸይድ። ኣብ ደቂ-ሰባት ዘየለ ጽባቐ። ከምኣ ጓለንስተይቲ ክንሰይ ክርእያ ህንን እብል። 'ዓይነይ ደኣ ከይከውን' እናበልኩ ኩሉ ግዜ ዝጠራጠረሉ ኣብ ዙርያኣ ገለ ዝበርህ ነገር ኣሎ። እናሓንሳእሲ ወረ ካብ ምሕር ድምቀቱ፡ ኣብ ዙርያና ዘሎ ኩሉ ነገር ዘየለ'ዩ ዝኸውን። እቲ ሽዕኡ፡ ብዕላላ ስለዝስለብ ከባቢየይ ኣየስተውዕለሉን'የ፣ ድሒሩ ምስ ኣተሓሳሰበኒ ግን እድነቕ። መቸም ስነ-ፍጥረታ ናይ ምድሪ ከምዘይኮነ ካብ ዘስተውዕል ነዊሕ'የ ገይረ። ተጓዳኢት ስለዘይኮነት ግን ኣይፈርሓን። ርእሰ ተኣማንነታ፡ ትዕግስታ፡ ብልሓ፡ እምነታ... ክንደይ ኩብሉ፡ ካብ'ቲ ናታ ቀሩብ እንተትመቕለኒ ወላሓንቲ ኣይምበለንን። ምስኣ እንተ'ለኹ ዝስመዓኒ ስምዒታት ፍሉይ'ዩ፣ ክቐላልወኒ ዝጸንሐ ዝግ ኩብለለይ'ዩ ዝፍለጠኒ።

ዘይከም ከማይ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ስጉምታ ንፈውሲ ማሕላ'ውን ትኹን ክትጋገ ርእየያ ኣይፈልጥን። ተዓዊትላ!! ከም'ቲ ናታ ክኸውን ስለዘይክእል እቐንእ። ኩሉግዜ ሓቂን ስነ-መንታዊ ነጥብታትን እናኣምጽአት ስለእትምጉተኒ ግን እሓርቕ። ዘይተሳዕረትለይ.... ዘይተረትዐትለይ.... ኢለ እሓርቕ። 'ኣኺልዋ ክትቃወመኒ ጥራይ....' ድማ እብል ደስ ከይበለኒ። ምትብባዓ፡ ደገፉታ፡ ምኽርታታ ኣብ ዓወታተይ ዓቢ ግደ እዩ ተሳቲፉ። ቅድሚኣ ዝስራዕ መምህር ህይወት መቸም ኣየጋጠመንን። 'መዘናይ ክንሳስ.... መዓስ መዓስ እያ እዚ ኩሉ ፈሊጣቶ፧ ኣበይ ተመኩራትሉ፧' ዝብሉ ሕቶታት ግድላተይ እዮም።

ዝበዝሕ እዋን ንምኽርታታን ለበዋታታን ኣየዕብሮን እየ። ግን ከኣስ ሓቃ ምዃና እናፈለጥኩ፡ ንኹሉ "ኢእ... ጌጋ" ዝበለትኒ ኣየኽብሮን። ገለ ኣንጻራ ዘኽይድ፡ ግበርዮ.... ግበርዮ.... እናበለ ዝንውንው ኣለኒ። ሳዕቤን ምስ ኣምጽአ ድማ "እዚ ከምዝመጽኣኪ ኣቐዲመ ኣጠንቂቐኪ ነይረ እየ፡ ንስኺ ግን ኣይትሰምዕን ኢኺ፣ ሕጂዶ ይሓይሽ፧ ንኩብስኺ'ምበር ንመን እሞ ሃሲኺ፧" ኢላ ተዘኻኽረኒ። "ኢለኪ ምሽ፧" ዝብሉ ቃላታ ኣዝዮም እዮም ዘሕምሙኒ። "ፍተዊ ጽልኢ፡ ብሕጂ'ውን ወላ ኣይትስምዕኒ 'ሕማቕ ኣለኺ!' ካብ ምባል ኣይከቋርጽን እየ፡" መርገጺኣ እዩ። እንሓንሳእሲ፡ ኣነ ዘየኽብራ ምዃነይ ርእያ ገዲፋትኒ ከይትከይድ ኣዝየ ዝፈርሓሉ እዋናት ኣሎ። ብድሕሪኡ፡ ነዛ ገጻ ክርእያ'የ ዝስከፍ። ክትምጉተኒ እንከላ፡ ከይትኹርየኒ ኢላ'ኳ ኣይትስከፈንን። 'ንምንታይ ከምኡ ትሓስቢ፧ እንታይ ዘባእስ ኣለኪ፧ ይቕሬታ ሕተቲ.... ወዘተ' እናበለት ስለትጭቕጭቐኒ ኣብ ክትዕን ባእስን ንኣቱ። ምስኣ እንተተኾራርየ ጠባየይ ይቐጥን፣ ምስ ዝኾነ ብዘጠቕምን ዘይጠቕምን ገርጨውጨው እብል።

መሓዛይ ሸኮር፡ ዋዕዋዕታን ጫውጫውታን ኣይትፈቱን እያ። ኩሉ ግዜ፡ ንዕላልና ኣብ ዘይርብሽ ህድኣት ዘለዎ ቦታ ክንከውን እያ እትመርጽ። ንበይነይ ክትብሕተኒ። ዝበዝሐ ግዜ ንሳ ዘይትፈትዎ እናገበርኩ ኣየሐጉሳን እንድየ፡ ክትግስጸኒ ከም እትመጽእ ስለዝፈልጥ፡ ካብ ከባቢየይ ጽምዋ ክርሕቕ'የ ዝቀዳደም። ዘተዓልለኒ ሰብ ይደሊ፡ ወይ ሙዚቃን ፊልምታትን ወሊዐ ንዕላልና ከም ዘይምችእ እገብሮ። ሽዑ፡ እትጥቀመሉ ኣጣምታ "ሕጂ እንታይ ጌርኪ ማለት'ዩ፣" እንድዩ ዘስምዕ፡ ክልተ ኣእዳዋ ኣጣሚራ፡ ጸጋመይቲ ሸፋሽፍቲ ዓይና ንላዕሊ ስብስብ ብምባል ርእሳ ካብ የማን ንጸጋም እናነቕነቐት ትኸይድ። መዓስ'ሞ ብዘኸደቶ ትጠፍእ ኮይና፡ ተጸናትያ ተጸናትያ በይነይ ትረኽበኒ።

ሎሚ ቅነ... ምስኣ ስለዘተበኣስኩ ጽቡቕ ኣይቀነኹን፣ ርግኣት ስኢነ ሰላመይ ሃዲሙኒ። ንሳ'ኳ፡ 'ኮርያ እያ ዘላ' ኢላ ምሳይ ምዕላል ኣይትገድፍን እያ ነይራ። ኣይትቕየምን፡ ካብ ጎድነይ ኣይትፍለን። ኣነ ግን ክሳብ ክትኮስ ዝደሊ እናተነፋሕኩ፡ ንኹሉ ትብለኒ ጸማም እዝኒ እህቦ። እናተዛረበትኒ ገጸይ እኽውሎላ። ነገሩ ግን.... ብደገይ ደኣ ከመስል እፈትን'ምበር፡ ጋህ ዝበለ እዝነይ ግን ንኹሉ እትብሎ ኣኣኪቡ ንውሽጠይ ደኣ የእትዎ። ወላ ደኣ ክኣምነሉ ኣይድለ'ምበር፡ ኩሉ እትነቕፈኒ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ስለዘይኮነ ኣብ ውሽጠይ ሰላም ኣይህበንን።

ምስኣ ዝዕለል ክህልወኒ እንከሎ፡ ከኹዳ እናበልኩ ባዕላ እያ ጠበሸ ትብለኒ። እብድላ እየ'ሞ ከም ናይ ሎሚ ገይረ ግን በዲለያ ኣይፈልጥን። ብቐዳማይ ኣኾርየያ ምስ ከደት፡ ክሳብ ሎሚ ጠፊኣትኒ'ያ ዘላ። ከም'ዚ ክሳብ እትኸውን ኣዝዩ ዓቢ ጌጋ እየ ተጋግየ። ኣነ ድማ ክሳብ ክንድ'ዚ ክትፍለየኒ ዘይለመድክዎ ኮይኑኒ ዓቕለይ ጸቢብኒ ኣሎ። እንታይ እየኸ ዘይሰምዕ፧ ቀሩብ.... ቀሩብ.... ክርደኣኒ ኣይክእልን፣ እዚ ኩሉ "እዚኣ እንተጌርኪ ኣነን ንስኽን ክንበኣስ ኢና!" ኢላ ኣጠንቂቓትኒስ እንታይ ሸለል ዘብል ነይሩኒ፧ ሕጂዶ ደኣ ይሕሸኒ ኣብ ክወጽኦ ዘይክእል ጭንቀት ቀንየ፧

ሕጂ.... ኣውሪደ ኣደዪበ ኣብ ሓደ መዕለቢ በጺሐ ኣለኹ። እዚ ኩሉ፡ ሰኣን ጌጋይ ምቕባል ሰኣን ጉድለተይ ምእራም'ዩ ተበጊሱ። ዓራቒ ዘይብለይ ክነሰይ ምስ ነብሰይ ካብ ዝበኣስ ደጊምሲ ይኣኽለኒ ደኣ። "ንተዓረቕ እባ" ኢለ ክልምና'የ። እውይ!.... እስከ.... እስከ ሓንሳብ.... እውይ ዕድሚኣ ክነውሕ! ሕጂ'ውን ኑብሳ ግዲ ነጊርዋ መጺኣ ኣላ። ንሳ ምዃና ብኣኳሓኮሓ ማዕጾ እየ ዝፈልጥ። መጀመርያ ህድእ ብዝበለ ድምጺ ቀስ ገይራ ኣንውሕ ኣቢላ እያ ትኹሕኩሕ። ብውሽጢ ድምጸይ እናሰምዐት ከይከፈትኩዋ ኣስቅጥ እንተ'ቢለ ግን ዓይነት ኣኳሓኹኮሓኣ ትቕይር። ትሪ ብዘለዎ ገይራ ነቲ ማዕጾ ገው ገው ተብሎ። ከምዘይትገድፈኒ ስለዝፈልጥ፡ ወላ ገፈፍ እናበልኩ ግድን እየ ዝኸፍታ።

ሎሚ ግን ደሃያ ሰሚዐ ብድድ ኢለ'የ ከፊተያ። ንውሽጢ ኣእትየ ኮፍ ምስ ኣበልኩዋ ኸኣ ቅድሚ ንሳ ክትዛረብ ምጅማራ ቀዲመያ ብብርከይ ወዲቐ፡ ኣነ ክዛረብ ጀመርኩ። "እንቋዕ መጻእኪ.... ክዝክረኪ እየ ጸኒሐ። ካልእ ኣይኮነን.... ንተዓረቕ'ባ ክብለኪ'የ ደልየ። ምሳኺ ምኩርራይ ማለት ምስ ኣብ ቅድመይ ዝጸንሓኒ ኩሉ ነገር ምብኣስ ማለት እዩ። ካባኺ ተነጺለ ክኸይድ ኣይክእልን፣ ዝጥዕመኒ'ውን ኣይኮነን። ወላ'ውን ከም ዘይተገድስኒ ኮይነ ክሕሱ እፈትን፡ ከማኺ ገይሩ ውሽጠይን ደገይን ዝፈልጠኒ የለን። ስለዚስ ኣይትሓዝለይ! በዲለኪ'የ፡ ተጋግየ'የ እሞ ይቕረ በልለይ! ንተዓረቕ። 'ሕልናይ፡' ብዘይ ምስትንፋስ፡ ኩሉ ኣብ ልበይ ዝጸንሐ ንግፍ'የ ኣቢለላ። ኣብ ገጸይ ዝነበረ ፍርሒ ከተምብቦ ኣይተጸገመትን። ጣዕሳይ ቀልጢፉ ስለዝተረደኣ፡ ኣብ ገጻ ፍሽኽታ እናተራእየ፡ ካብ'ቲ ዝነበርኩዎ ብኽልተ ኣእዳዋ ደጊፉ ብምሓዝ ኣልዓለትኒ'ሞ፡ ሕቍፍ ኣቢላ ኸኣ ሰዓመትኒ። ሕልናይ፡ እታ የሕሊፉ ዘይትህበኒ ሕልናይ። እታ ኣዝየ ዝፈትዋን ዝድነቐላን ሕልናይ፡ ይቕረ ኢላትለይ።

# ስፖርት

# ዓሰርተ ዝበዝሐ ዋናጩ ዝዓተሩ ተጻወትቲ

ተስፋልደት መብራህቱ

ኣብዚ ርእሰ ኩሉም ዓይነት ስፖርት ምኻኑ ዝእመነሉ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ከም ክርስቲያኖ ሮናልዶን ሊዮኔል ሜሲን ጌይሩ ብወልቃዊ ዓወታት ዘጌጸ ተጻዋታይ የለን እንተተባህለ ኣጋንኖ ኣይኮነን። እዞም ክልተ ተጻወትቲ ብፍላይ ኣብ ዝሓለፉ ዓሰርተ ዓመታት ንዘተፈላለዩ ሽልማታት ናይዚ ዓይነት ስፖርት ዓብሊሎሞ'ዮም። ኣብ ሽልማት ብሉጽ ተጻዋታይ ፊፋ ሜሲ ሽዱሽተ ግዜ ሮናልዶ ከኣ ሓሙሽተ ግዜ ክዕወቱ ምኽኣሎም ክኣ ናይዚ ህያው ምስክር'ዩ። ንሎሚ ብዙሕ ዓወታት እዞም ክልተ ተጻወትቲ ኣይኮነናን ከቕርብ። ክሳብ ሕጂ ዝበዝሐ ወናጩ ንዝዓተሩ ተጻወትቱ ግን ክዝምልከት ኢና።

## 10ይ ሰር ከኒ ዳግሊሽ 29 ዓበይቲ ዋናጩ

ናይ ቀድም ተጻዋታይን ኣሰልጣኒን ኢንግሊዛዊት ሊቨርፑል ዝኾነ ዳግሊሽ ቀድሚ ናብ ሊቨርፑል ምስግጋሩ ኣብ ሰልቲክ ኣርባዕተ ናይ ስኮትላንድ ዋንጫ ክዓትር ከኢሉ እዩ። ናብ ሊቨርፑል ድሕሪ ምቕንዑ ድማ ሽዱሽተ ናይ ሻምፕዮን ጋንታታት ቀዳማይ ዲቪዥን ኢንግሊዝ ሰለስተ ናይ ሻምፕዮንስ ሊግ ጽዋእ ዝርከቦ ዓወታት ክሓፍስ ክኢሉ'ዩ። ሰር ከኒ ጋግሊሽ ኣብ ክሉብ ሊቨርፑል ይኹን ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ኢንግሊዝ ሓደ ካብቶም ብቑዓምት ዝዘከሩ ተጻወትቲ'ዩ። ዳግሊሽ ዘይከም ናይ ጸወታ ዘመኑ ኣብ ስራሕ ምስልጣን ግን ዕዉት ክኸውን ኣይከኣለን። ንሱ ንሊቨርፑል ከሰልጥና ሓላፍነት ኣብ ዝወሰደሉ ዕዉት ክኸውን ከም ዘይከኣለ ይዝከር።

## 9ይ ክርስቲያኖ ሮናልዶ - 29 ዓበይቲ ዋናጩ

ፖርቱጋላዊ ክርስትያኖ ሮናልዶ ብዝዓተሮ ወናጩ ምስ ሰር ከኒ ዳግሊሽ ተመዓራርዩ'ዩ ዘሎ። ይኹን'ምበር እዚ ሓሙሽተ ግዜ ብሉጽ ተጻዋታይ ዓለም ዝተሰምየ ሮናልዶ ገና ኣብ ምጽዋት ስለ ዝርከብ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ንዳግሊሽ ከም ዝበልጾ ኣየጠራጥርን።

ሮናልዶ ምስ ስፖርቲንግ ሊስቦን ብምኻን ሓንቲ ናይ ፖርቱጋል ዋንጫ ድሕሪ ምዕታሩ'ዩ ናብ ማንቸስተር ዩናይትድ ብምግዛዝ ከበሕታት ዋንጫታቱ ክበዝሕ ዝኸኣሉ። እዚ ተጻዋታይ ሰለስተ ናይ ፕሪመር ሊግ፡ ሓንቲ ናይ ሻምፒዮንስ ሊግ፡ ኤፍ ካፕን ሊግ ካፕን ዝርከቦም ምስ ማንቸስተር ዝዓተሮም ዓበይቲ ዋናጩ እዮም። ኣብ 2009 ድማ ናብ ዓርሞሸሽ ስፓኛዊት ክሉብ ሪያል ማድሪድ ብምቕናዕ ክልተ ናይ ላ ሊጋ፡ ኣርባዕተ ናይ ሻምፒዮንስ ሊግ ዓወታት ብምጭባጥ መለሱ ደሚቑ'ዩ። በዚ ደው ዘይበለ ሮናልዶ ሕጂ'ውን ኣብ ሰሪ ኣ ምስ ጁቨንቱስ ኮይኑ ድሮ ዓበይቲ ዋናጩ ኣብ ምጭባጥ ይርከብ ኣሎ።

ኣብ ኣህጉራዊ ጸወታታት'ውን እንተኾነ ዋላ'ኳ ኣብ ናብ ፍጻሜ ጸወታ ዋንጫ ኤሮወጳ ብሰንኪ ማስበርቲ ኣብ ሞንጎ ጸወታ እንተወጻ ሃገራዊት ጋንታ ፖርቱጋል ግን ንፈረንሳ ረቲዓ ዋንጫ ኤውሮጳ 2016 ክትዓትር ኣኽኢልዋ እዩ። ብዘይካ'ዚ ጽዋእ ናይቲ ንፈለማ ግዜ ዝተኻየደ ዩኤፋ ኔሽንስ ሊግ'ውን ክስዕሩ በቒዖም'ዮም።

## 8ይ ቪቶር በኣ 30 ዓበይቲ ዋናጩ

ናይ ቀድም ሓላዊ ልዳት ሃገራዊት ጋንታ ፖርቱጋል ቪቶር በኣ ምስ ፖርቶ ብምኻን ዓሰርተ ግዜ ሻምፕዮን ጋንታታት ፖርቱጋል ክኾኑን በቒዖም'ዮም። ፖርቶ ኣብ ትሕቲ ላይነት ሆዘዮ ሞሪኖ ኮይና ብተኸታታሊ ዋንጫ ዩሮፓን ሊግን ሻምፕዮንስ ሊግን ክትዓትር ከላ'ውን ቪቶር በኣ ኣባል እታ ጋንታ ነሩ'ዩ። ምስ ባርሰሎና ኮይኑ ኣብ ላ ሊጋ ኣብ ዝተጻወተሉ ኸኣ ጽዋእ ላ ሊጋን ዋንጫ ንገስ ስጳኛን ዓቲሩ ነሩ።

## 7ይ ዝላታን ኢብራሂሞቪች 31 ዓበይቲ ዋናጩ

ሸወደናዊ ቐማት ኣጥቃዓይ ዝላታን ኢብራሂምሞቢች ኣብቶም ኣርባዕተ ዝዓበዩ ሊጋት ኤሮውፓ ብምጽዋት ተዘኮሪ ግዜ ዘሕለፈ ተጻዋታይ እዩ። ኣብ ሆላንድ፡ ኢጣሊያ፡ ስፓኛን ፈረንሳን ድማ ናይ'ቲ ሊግ ዋናጩ ክዓትር ከኢሉ እዩ። ኣብ ማንቸስተር ዩናይትድ ኣብ ዝነበረሉ ድማ ሰለስተ ጽዋእ ክስፍስፍ ብምኽኣሉ ምስቶም ዝበዝሐ ዓበይቲ ዋናጩ ዝዓተሩ ተጻዋትቲ ክስራዕ ክኢሉ'ሎ። ወዲ 37 ዓመት ዝላታን ኣብዚ ግዜ ኣብ ኣመሪካ ምስ ኤልኤይ ጋላክሲ (LA Galaxy) ኣብ ምጽዋት'ዩ ዝርከብ ዘሎ።

## 6ይ ማክሲዌል 33 ዓበይቲ ዋናጩ

ናይ ፕሮፈሽናል ናይ ኩዕሶ እግሪ ዘመኑ ኣብ ብራዚል ዝጀመረ ማክሲዌል ናብ ሆላንድ ብምቕናዕ ምስ ኣያክስ ክልተ ግዜ ናይ ኤርዲቪሽን (Eredivisie) ክብርታት ክዓትር በቒዑ'ዩ። እዚ ናይ ጼጋም ተኻላኻሊ ኣብ ኢንተርሚላን፡ ባርሰሎናን ፒኤስጂን ብምጽዋት ተደሚሩ 31 ዝጽሕ ዋናጩ ክሓፍስ ከኢሉ ኣሎ። ማክሲዌል ኣብ 2017'ዩ ካብ ኩዕሶ እግሪ ጡረታ ወጺኡ።

## 5ይ ራያን ጊግስ 34 ዓበይቲ ዋናጩ

ናይ ኩዕሶ እግሪ ዘመኑ ኣብ ማንቸስተር ዩናይትድ ጀሚሩ ኣብኡ ዝውደአ ዌልሳዊ ራያን ጊግስ ን24 ዓመታት ምስ ማንቸስተር ክጻወት ብምኽኣሉ ኣብ ታሪኽ እታ ክሉብ ዘይሕከኽ ክብሪ ሰፊዱ'ዩ ሓሊፉ። ጊግስ ምስታ ኣብ 1992 ናይ መጀመሪያ ናይ ፕሪመር ሊግ ዋንጫ ዘስተማቐረትን ናይ መወዳእታ ድማ ኣብ 2013 ዝዓተረትን ማንቸስተር ብምንባሩ ኣብ ልቢ ደገፍቲ ሬድ ዲቭልስ ዘይብርስ ሓወልቲ ሃኒጹ እዩ። 13 ናይ ፕሪመር ሊግ ዝርከብዎም ክልተ ናይ ሻምፒዮንስ ሊግ፡ ኣርባዕተ ናይ ኤፍ ኤ ካፕ (FA Cup) ወናጩ ድማ ገለ ምስታ ጋንታ ኮይኑ ዝጠቕለሎም ዋናጩ እዮም።

## 5ይ ኣሌክሳንደር ሾቭኮቭስኪ - 34 ዓበይቲ ዋናጩ

ከም ራያን ጊግስ ናይ ጸወታ ግዜኡ ምስ ዳይናሞ ኬቭ ዘሕለፎ ሓላዊ ልዳት ሾቭኮቭስኪ ምስ ሓንቲ ጋንታ ኮይኑ ዝኒ ዓወታት ዝጨቖዐ ካልኣይ ተጻዋታይ ብሙኻኑ ድሕሪ ጊግስ ይስራዕ። ኣብ 1993 ናይ ጸወታ ግዜኡ ዝጀመረ እዚ ሓላዊ ልዳት ምስ ዳይናሞ 14 ናይ ሊግ ዓወታት 10 ድማ ናይ ዩክሬይን ካፕ ዝርከብዎም 34 ዋናጩ ኣብ ከበሕታት እታ ጋንታ ብምስፋር ዓቢ ኣበርክቶ ጊሩ'ዩ። እዚ ምስ ሃገራዊት ጋንትኡ ብሙኻን 92 ጸወታታት ዘካየደ ሓላዊ ልዳት ኣብ ኣህጉራዊ ጸወታት ዝጥቐስ ዓወታት ከስተማቕር ኣይበቕዐን። ኣብ 2016 ድማ ኣብ መበል 41 ዓመቱ ካብ ኩዕሶ እግሪ ጠቕሊሉ ተፋኒዩ።

## 4ይ ጀራርድ ፒኬ- 34 ዓበይቲ ዋናጩ

ጉልበት ተኻላኻላይ ሃገራዊት ጋንታ ስፓኛን ባርሰሎናን ዝኾነ ፒኬ ብ34 ዓበይቲ ዋናጩ ምስ ጊግስን ሾቭኮቭስኪን እኳ እንተተሰርዐ ኣብ ስሩዕ ናይ ጸወታ ግዜ ምስ ባርሰሎና ብምህላዉ ግና ነዞም ተጻወትቲ ክሓልፎም ልዑል ተኽእሎ ኣለዎ።

ጀራርድ ፒኬ ቀድሚ ናይ ባርሰሎና ምቕንዑ ኣብ ማንቸስተር ዩናይትድ ናይ ፕሪመር ሊግን ሻምፒዮንስ ሊግን መዓልያታት ኣብ ክሳዱ ክስቅል በቒዑ'ዩ። ይኹን'ምበር ኣብዛ ጋንታ ቀዋሚ ቦታ ስለ ዘይረኸበ ናብታ ብዙሕ ዓወታት ዝዓተረሉ ባርሰሎና ብምቕናዕ ሸሞንተ ናይ ላሊጋ፡ ሰለስተ ናይ ሻምፒዮንስ ሊግ፡ ሽዱሽተ ናይ ኮፓ ደልረይን ካልእን ዋናጩ ከስተማቕር ዕድል ረኺቡ'ዩ። ፒኬ ኣባል እታ ደል ቦስኪ እናዓለማ ዋንጫ ዓለም 2010፡ ዋንጫ ኤሮውፓ 2012 ዝዓተረት ሃገራዊት ጋንታ ስፓኛ ምንባሩ ይዝከር።

## 3ይ ሊዮኔል ሜሲ- 36 ዓበይቲ ዋናጩ

ንልዕሊ ዓሰርተ ዓመታት ምስ መቐናቕንቱ ፖርቱጋላዊ ክርስቲያኖ ሮናልዶ ብምኻን ንኩብርታት ኩዕሶ እግሪ ክሞቅሎ ዝጸንሐ ኣርጀንቲናዊ ሊዮኔል ሜሲ 36 ዓበይቲ ዋናጩ ብምስፍሳፍ ንሮናልዶ ማሕዲግዎ ይርከብ። እዚ ክሳብ ሕጂ ማልያ ካልእ ጋንታ ዘይለበሰ ዘሎ ቁንጹብ ተጻዋታይ ምስ ባርሳ ብምኻን ዝሓለፈ ዓመት ዝዓተራ ናይ ላ ሊጋ ዋንጫ መበል ዓሰረይቲ ክትከውን እንከሎ፡ ኣርባዕተ ናይ ቻምፒዮንስ ሊግ ሰለስተ ዋንጫ ክለባት ዓለምን ድማ ገለ ካብቶም ዝዓተሮም ዓወታት'ዮም።

እዚ ኣብ መድረኽ ኩዕሶ እግሪ ዓለም ዘሎ ናይ ውልቂ ይኹን ናይ ጋንታ ዓወታት ኢዱ ዝሸበረ ኮኾብ ተጻዋታይ፡ ምስ ሃገራዊት ጋንታ ኣርጀንቲና ብሙኻን ክሳብ ናይ ፍጻሜ ዋንጫ ዓለምን ዋንጫ ሃገራት ደቡብ ኣሜሪካን እኳ እንተበጽሐ ክሳብ ሕጂ ግን ዝኾን ክቡራት ወናጩ ኣማዕደዩ ጥራይ'ዩ ዝርእየን ዘሎ።

## 2ይ ኣንድረስ ኢኒስታ- 37 ዓበይቲ ዋናጩ

ኣባል ናይታ ካብ 2008 ክሳብ 2010 ንኩዕሶ እግሪ ዓለም ሙሉእ ብሙሉእ ዓብሊላቶ ዝነበረት ባርሰሎና እዩ ኣኽፋፋሊ ኣንድረስ ኢኒስታ። እዚ ወዲ 35 ዓመት ስፓኛዊ ኣብዚ እዋን ካብታ ን16 ዓመታት ዝተጻወተላ ባርሰሎና ወጺኡ ኣብ ጃፓን ይጻወት'ኳ እንተሃለወ ምስ ባርሳ ኮይኑ ዝዓተሮም ጽዋኣት ግና ኣብ ካልኣይ ዝበዝሐ ዋንጫ ዝዓተረ ተጻዋታይ ክስርዖ ከኢሉ ኣሎ።

ኢኒስታ ኣብ ባርሳ ኣብ ዝነበረሉ ግዜ ትሸዐተ ናይ ላ ሊጋን ኣርባዕተ ናይ ቻምፒዮንስ ሊግን ዓወታት ገለ ካብቶም ዝዓተሮም ወናጩ'ዮም። እዚ ውሓለ ኣኽፋፋሊ ምስ ሃገራዊት ጋንታ ስጳኛ ብምኻን ድማ ዋንጫ ዓለምን ዋንጫ ኤሮውፓን ብተኸታታሊ ኣብ 2010ን 2012 ኣልዒሉ እዩ። ብፍላይ ኣብ ናይ ፍጻመ ጸወታ ዋንጫ ዓለም ኣንጻር ሃገራዊት ጋንታ ሆላንድ መዐወቲት ሸቶ ብምምዝጋቡ ኣብ ልቢ ስጳኛውያን ዘይርሳዕ ታሪኽ ሰፊዱ ይርከብ።

## 1ይ ዳኒ ኣልቨዝ 41 ዓበይቲ ዋንጩ

ብራዚላዊ ዘይጽዓድ ተኸላኻሊ ዳኒ ኣልቨስ ልዕሊ ኩሎም ተጻወትቲ 41 ዋናጩ ብምዕታር ጽብሉል ኢሉ ይርከብ። ኣልቨዝ ቀድሚ ናብታ 23 ዝተፈላለዩ ዓበይቲ ዋናጩ ዝዓተረላ ባርሰሎና ምምዝዛምስ ሰቪያ ብምኽኣን ናይ ላ ሊጋን ኤሮውፓን ዋናጩ ክዓትር በቒዑ እዩ። ምስ ባርሰሎና ዕዉት ግዜ ድሕሪ ምሕላፉ ድማ ናብ ጁቨንቱስ ብምቕናዕ እቲ ዝለመዶ ዋንጩ ምዕታር ቀጺሉ። ናይ ጁቨንቱስ ጽንሓቱ ምስ ወድአ ናብታ ንመድረኽ ኩዕሶ እግሪ ኤሮውፓ ንምዕብላል ብብራዚላውያን ተጻወትቲ እትቕለስ ፒኤስጂ ብምቕናዕ ዝተፈላለዩ ናይ ፈረንሳ ዋንጩ ኣልዒሉ'ዩ። እዚ ወዲ 36 ዓመት ተጻዋታይ ኣብ ዝሓለፈ ማሰኮት ምስጊጋር ተጻወቲ ብዝሓለት ጋንታታት ኤሮወጳ'ኳ እንተሓተትዎ ምስ ሳኦ ፓውሎ ኣብ ሃገሩ ክጻወት'ዩ መሪጹ። ምስ ምድፋእ ዕድመ ብቕዓቱ ክጎድል ዘይከኣለ ኣልቨሱ ምስ ሃገራዊት ጋንታ ብራዚል ብምኻን ክልተ ናይ ኮፓ ኣመሪካን ኮንፈደረሽን ካፕን ወናጩ ብምዕታር ሽሙ ከበርኽ ክኢሉ'ዩ።

ሙሴ ገብረዝግኣብሄር









# ገዝሚ ተረኺቡ

ጴጥሮስ ተፈሪ



ካብ እንዳ ገብረኤል ክሳብ እንዳ ሸወደን ዘሎ ጎልጎል፡ ንላዕሊ ንታሕቲ - ሓንቲ ሸሻይ ዝተሰከመት ጉብዝብ ‘ቮልክስዋገን’፡ ነቲ ቀይሕ ሓመድ እናኣዳርኘት ሸኹርተት ትብል። ኣብ ሽዓኡ መዓልቲ በጺሓ፡ ቡቶም ኣብ ከባቢ ማይ ኣንበሳን ዳዕሮ መኻንን ዝርከቡ - ኣብ መሬት ዝተተኽሉ ሓርፋፋት ቀያሕቲ ኣእማን ዕንቅፋት ከይበለት ትብርር። መሊኣ ትዕረደሉ እዋን ከምዘበጽሐ ዝተረደአ እያ ትመስል። ሓገስ ኣብኣ ከይተረፈ እዩ ዝረኣ። ጠሚትካያ ተኸማሲዖማ ዝበረት ኮይና ትሰመዓ። ነቲ ጉደናታት ኩሪዓ ሸኹርተት ትብለሉ። ዕድል ኣብ ጸቡቓ የውዕልካ እዩ። ናታ ህያብ ናታ ጉንፃ ኣለዋ። ብዚይ ጓል ብዚይ ሓያም ተግዚዞማ።

ኣቶ ጊላይ ምሕረቱ ከም’ታ ዕለት እቲኣ ጊደሩ ሃጢሩን ተሓጉሱን ኣይፈልጥን። ምፅገርቱ ተነፊሑ፡ ከብዱ ተቑበቅብ፡ ኣዒንቱ ፈጠጥ ኢሉ ንመጸሩ ደፊኦም ከውድቑዎ ደልዮም። ኩሉ ነገሩ ብሓገስ ትብትብ ኢሉ - ዝፃፍትወ ብዕራይ መሰሉ።

ዓኺይ ዓመት ምሉእ ዝደኸመሉ ምህርቲ 2010፡ ኣብ ዝሓፍሰሉ ወርሒ ታሕሳስ፡ ዋጋ 15 ሽሕ ቮልክስዋገን ዘይከም’ቲ ኣብ ላዕሊ ጓዳው ኒጀው ትብሎ ዝበረት ኣስታት ሓደ ሚልዮን ቅርሺ ጸዒና፡ ንፃቕብ ዓሊ በኺት ክትወጽኦ እንከላ ዝኸበዳ ትመስል። ጥሪፍ-ጥሪፍ ኢሉ፡ ብጣይ ደምኑት መጺኡ ንሹቕ ዘንቀልቀል ግመ ኣኽርያ ዝመስል ጻዕዳ ትኪ ንድሕሪት እናተፍኣት፡ ነቲ ዓቕብ ወጺኦቶ።

ሰናይ ቀውዒ እዩ። ኣቶ ጊላይ፡ ናይ ሓደ ሚልዮን ሎቶሪ ዱብ ኢሉዎ እዩ - ገንዘቡ ተረኪቡ ናብ’ዚን ናብ’ቲን ዝበል ዝበረ። ሓያሎ ዝተጸገሙ ኣሕዋትን ፈተውትን ቀቅድሚ እዚ ሎቶሪ ዝበጽሓሉ ኣጋጣሚ፡ ቡበም’ኸኒያቶምን ቡብመዓልቶምን ጸገሞም ኣካፊሎምዎ እዮም። ነታ ከርካሳ ማኪናኡ ብዘይምትዕርራዩ ዝበሮ ሕማቕ ስምዒት፡ ተወሳኺ ንጸገም መቕርቡን ፈተውቱን ክኸውን ዘይምኽኣሉ ጉህዩ እንከሎ እዩ - እዚ ንኹሉም ዘሐጉስ ገንዘብ ተረኺቡ። ቡታ ንጉደናታት ኣኽሪያ ትሓርሶ ዝበረት ማኪናኡ ጊደሩ ደማ ናብ ኣኽርያን ካልእን በረረ።

ሓፍቱ ኣብ ቅነ ሃንሱመስቀል ናይ’ቲ ዓመት ካብ ርሑቕ ገጠር ብፃምጺኡ “ቁልዓ በላዒ ረኺብ’ሞ ንህባ ኣሎና” ክትብሎ እንከላ፣ ንሓቢቱ ኣብ ቦኽሪ ኣቦኣ ዝኣክል ዘይምድጋፉ፡ ብፍላይ ንገዞሚ ዝኸውን ገንዘብ ክሕግዞ ምኻኑ ዘይምብኦሩ ተሰሚዑዎ እዩ። ዝዕደም ዘሎ ሓዋ ዘይከኑ - ልቓሑ መኸፈሊ ዝሰኣነ ተሊቃሒ ክመስል፡ ንዘረባኣ ብስክፍታ ሰሚዑ ብስክፍታ እዩ ኣፋኒዩዋ። ብሕርቃን ቁርበት ግንባሩ ካብ ላዕሊ ናብ ታሕቲ፡ ካብ ሓደ ጫፍ ናብ’ቲ ሓደ ጫፍ እናወሰኸ ዝወረዱ ዛላታት ጎቦ ክመስል ዓጢሩ፣ ርእሱ ደፊኡ ኣቢሉ። ጓል ሓፍቱ ሰሊሙ ዘይምምርዓዉ ተተንኪፉ፡ ጻዕዳ ብርሃን ዝተፍእ ገጹ ጸሊሎ ዝመስል ደሮና ኣብዚኑ። ሓፍቱ ደቂ ኣተዓብዮቶ እያ። ስለ’ዚ ደሞ ደቃ ኣብ ምምሳል ክሕግዛ ይግብኦ እዩ። ዝ. ብዘይምኽኣሉ ሓዚኑ፡ ሕያዋይ ብሰንኪ ስእነት ርጉም መሰሉ።

እቲ ሓገስ’ቲ እምባኣር፡ ዝ. ኹሉ ሻቡ ዝበሮ ስክፍታ ዝቐንጥጥ ብምርካቡ እዩ ነይሩ። ኣድ ሓፍቱ ክኽሕስ ጥራይ ዘይኮነ፡ ጓል ሓፍቱ ብጸቡቕ ሰሊሙ ክፋት ካብ ቀደም ዝበሮ ባህጊ ብምስማዑ እምበለ መጠን ተደሳዩሰ። ዝበሮ ሓገሱ ዋላ ዓይነትን ሞዴልን ናይ’ታ ዝመርሓ ዝበረ ማኪናኡ ኣየዘከርን። ኩሎም እቶም ብጉድኑ ሸፊፍ ኢሎም ዝሓልፉ ሱብ ዘበናውያን ማካይን ኣብ ትሕቲ ናህሪ ማኪናኡ እቱዋት ነበሩ። ከባቢ ማይ ኣንበሳ ድሕሪ ምብጻሑ፣ ማኪናኡ ኣብ ኣፍ-ደገ ሓደ ድኳን ደው ኣቢሉ፡ ናብ’ቲ ድኳን ኣተወ። “ሰምዒ፡ እንዳ በርሀ ተኽላይ ዝበሃሉ - ኣብ’ዚ ቀረባ ግዜ ኣብ’ዚ ከባቢ ገዛ ዝተኻረዩዶ ትፈልጥ?” ክብል ሓተተ።

ዋና ድኳን ኣብ ጸዑቕ ዓማዊል ምእንጋድ ስለዝበረ፡ ቀልጢፉ ክሰምዖ ኣይከኣለን። ኣቶ ጊላይ፡ ደጊሙ ኩሓቶ እናበለ ሞባይሉ ስለዘደወለት ተቐበሎ። “ሃለው! ጽሃይቱ ሓፍተይ!!” በለ። ቀጺሉ “. . . ኢለኪ እኮ እዩ፡ እንታይ ዘጠራጥር ኣሎኪ። እዝጊ ሂቡ እንከሎ - ከመይ ኢሉ ክኽሰብ፣ ደሓን በቲ ዝበልኩኺ ግበሩዎ። ብዛዕባ ገዞሚ ኩነ ካልእ ጸገም የለን። ዋላ ኣብ ርእሲ’ቲ ዓንተቦ ዝበልኩኺ 150 ግራም ወርቂ ካልእ ዘድልያ ኣዘዙላ። ሕጂ እዩ ዕድላ። ዘይዓቕሞም እንተኾይኑ ባዕልና ክንዕድጉ ጸባሕ ምሸ’ታ ቀዳመይቲ ኣውቶቡስ ጥብ በሊ። ካልእ ነቲ መርዓ ዘድሊ ነገር እንተደኣ ኣሎ እውን ምስ መጻእኪ ክንዘራረበሉ ኢና። ይኹን’ምበር፡ ሕጂ ከይዱ - ኑቶም እንዳ’ሐማ ይንገርዎም። ነታ ቁልዓ ድማ ተማልኢያ። ወርቂ’ኺ እውን ዝወሰኽ ወሲኽና ክንቕይሮ ኢና። መልሲ ሒዝኪ ምጽኢ” ክብል ዘረባኡ ዓጸወ። ጽሃይቱ በቲ ድሮ ቅድሚ ፍርቂ ሰዓት ኣብሉ ነጊሩዋ ዝጸንሐ፡ ምትእምማን ስኢና፡ ኣይሓገሰ ኣይሓዘነ ተፈራሪቓዋ ዕንድ-ዕንድ እኳ እንተበለት፣ ደጊሙ ምስ ኣረጋገጸሉ ከም’ቲ ዝተባህሎ ንጓልብቲ ቁርጺ መልሲ ሒዙ ክምለሰ ዓዲ’ሐማ ጓላ በጺሑ ክምለስ ሰደደቶ። ጓላ ዘይሓሰቡዎ ገዞሚ ምርካብ ዕድለኛ እያ። እትፈትዎ ሓዋ ኣብ ዓወት ምውዓሉ ተሓጊሳ። በረኸት በዓልቤታ ነቲ በጺሑ ዝምለሶ ናይ ሸዱሽተ ሰዓት መገዲ ብቱያ ተተሓሓዘ።

ገጹ ናብ ዋና ድኳን ምልስ ምስ ኣበለ “እንታይ ክሰምዓካ” በሎ። ነታ ኣቐዲሙ ዝሓተቶ ደገሞ። ዋና ድኳን ደፈልጦም ስለዘጸንሐ ትኽክል ኣድራሻ ነጊሩ ሰደዶ። ካብ ታህዋኹ ዝተላዕለ “የቐንየለይ” እኳ ኣይበሎን። ብቱያ ወጺኡ ማኪናኡ ኣተንሲኡ ቁሩብ ምስ ከደ፡ ሓደ ጨርቃም - ክዳውንቱ ዝተመናህ ቁልዓ ብቕድሚኡ ብምጽናሕ እናተረበሸ ብኸልተ ኣእዳው ምልክት ገበረሉ። ሻቕሎት ብዘለዎ ገጽ እዩ ወትፍ ኢሉዎ። ኣቶ ጊላይ ፍጹም ኣይተገደሰሉን - ረጊጹዎ ሓለፈ። ተጠውዩ ማኪናኡ ኣሕሊፉ ንቕድሚኡ ቀጸለ። የጉዳሲ ቡታ ዝኸዳ መስመር ናብ’ታ ዝደለያ ገዛ ብማኪና ክኣቱ ዝፍቀድ ኣይነበረን። ንድሕሪት ተመልሰ። እቲ ቁልዓ ክምለስ ምስ ርኣዩ ተሰፉ ጊደሩ ተጸበዩ። ማኪናኡ ደው ኣቢሉ “እንታይ ኢኻ ኮይንካ?” ክብሎ እናተጸበየ ግን ሕጂ እውን እዚ’ኳ ከይገበረሉ ሕልፍ በሎ’ሞ - ደጊሙ ኢዱ ንጸው ነጀው እናኣበለ. . . ደድሕሪኡ ብምስዓብ ምልክት ገበረሉ።

ዝሓሸ ኣካል ናይ’ታ ማኪና፡ መቑጸጸሪ ቤትሮታታ እዩ። ንኣቶ ጊላይ ከኣ ጉዳያ ናይ’ቲ ቁልዓ ደድሕሪ እታ ማኪና፡ ጸቡቕ ጊደሩ ደረኣዮ ነበረ። እንተኾነ ብዚይ ገለ መልሲ ቀይሕ ደሮና ከዲኑዎ ደኣ ከደ። ምናልባት እውን ሓቁ እዩ - ብስራት ኣለዎ። ዘፈትዎ ዓርኩ ተጸጊሙ ኣሎ። ሕጂ ግና፡ ይትረፍ ነተን ኣሊቃሓኒ ዝበሎ፣ ዋላ ነተን ካብ ካልኦት ተለቂሐ ክውሰኸለን እየ ዝበሎ - ባዕሉ ክሸፍነን እዩ። ንጾማን ተጠውዩ እንደገና ንጺጋም ብምዕጻፍ፡ ንቕድሚት ቀጺሉ ኣብ’ታ ዝተሓበራ ቦታ በጺሐ’ሞ፡ ካብ ማኪናኡ ወሪዱ ኳሕኲሑ።

“ኦ! ሉተብርሃን ከመይ ኣለኹም. . .?” ምሸ’ታ ዝኸፈትቶ ሰበይቲ ዓርኩ እዩ። ዓርክይ ወጺኡ ደዩ?” ድሕሪ ምባል፡ ዛዕባ መምጽኢኡ ገና ገዛ ከይኣተወ ኩሉ ኣብ ደገ ወደኦ። “. . . እወ በኣምሆ መጺኡኒ ነይሩ’ሞ፡ እዋእ ንዓኹም ዘይኸውን ዲና። ግዳ ሕጂ ገዛ ከይኣቱ ደህወኽ ኣለኹ። ገዛ እትው ኣብ ዝበለሉ ንገርዮ’ሞ፡ ቀልጢፉ ይምጻኣኒ። ‘ካብ ገዛ ወጺኡ ወይ ናይ ክልተ ዓመት ክፈሉ’ ኢሉምና ኢሉኒ ነይሩ። ንኹልና ዝኸውን ኣምላኽ ሂቡ ኣሎ። ጸላኢና ገጽ ኣካረይቲ ደርኣን ብኢታቶም ጦቕ ይበልን። ከፊልኩም ትቐሰሉ። ጥራይ ቀልጢፍካ ምጻእ በልዮ፡ ናብ ታረቅ እውን ክበጽሕ እየ። “ኣቶ ታረቅ (ንሳ’ውን እትፈልጦ ዓርኩም እዩ) . . . ቁልዓ ከመርዑ እዩ’ሞ፡ ካልእ እንተተረፈ ኣብ’ቲ ገዞሚ ድግፍ ክኾኖ።” ኢሉዋ ግልብጥ ብምባል፡ ማኪናኡ ገጸ ኣዚሩ ብዘመጽኦ ተመልሰ።

ሰበይቲ በቲ ዝሰምዓቶ ተሓጉሳ፡ ብንእሎታዊ ህጥራን ንኣቶ ጊላይ ኣርኪባቶ። ሞባይል ጉረቤት ሰሚና፡ ናብ’ታ ኣቶ ጊላይ - “ቴለፎኑ ዓጽዩዋ ኣሎ” እናበለት ኣብያትላ ዝበላ ናይ በዓል-ቤታ ሞባይል ደጋጊማ ደወለት። ኮይኑላ ድማ “ሃለው!” ኣቃልሐ። ብድሕሪ እዚ ነገር ምስ ሱብ ገዛ ጀመረት። ባዕላ ጠዊቓ ዕላል ብምጅማር “ደሓን. . . ደሓን ፈታዊ እንተሎ’ኮ ገንዘብ ኣይሰኣንን እዩ። ገንዘብከን ጸባሕ ክትወህባ ኢኽን” ብምባል ናብ ነገር ቀየረቶ።

ኣቶ ጊላይ ቁሩብ ምስ ከደ ማኪናኡ ደው ኣበለ “ሃለው ታረቅ!” በለ፡ ቀጺሉ - “እንታይ ደኣ ትገብር ኣሎኻ። ወራይ ኣተውኣተወ ኮይኑ። በል ዝኾነ ክትእዝዞ ዝበርካ’ሞ ዘይኣዘዝዮም እንተደኣ ነይሩ ሕጂ ኣዝዞም ወይ ድሕሪ ሰዓት ንራኸብ’ሞ ሓደ ሓምሳ ሽሕ ክህበካ. . . ኖኖ ሽግር የብሉን። ኣቦይ እዝጊ ጥዑም’ዩ ገንዘብ ረኺበ ኣለኹ። ደሓን ጥራይ ከም’ዛ ዝበልካ ዘለኹ ድሕሪ ሰዓት ዋላ ኣብ ትረስተለ ንራኸብ” ዓጸወ። ኣቶ ታረቅ ኣብ ወሸጡ ዝበረ ስክፍታ ተቐንጢጡሉ፡ ኣብ ጉላጉል ስምዒር ንዘፍሰ ወዑይ ንፋስ ግንቦትሰ ዝዳረግ ሃፈጽታ ዘለዎ እስትንፋስ ድሕሪ ምስትንፋሱ ናብ ሓሙ ጓሉ ደወለ። ተረዳዳኦም ድማ እቲ ዝተኣዘዘ ወርቂ ካብ 30 ናብ 90 ግራም ደየቡ። ከመይ ደኣ - ገዞሚ ተረኺቡ እንዲዩ!!

ቮልክስዋገን ሰሉኽሉኽ እናበለት ዘሸኩንደረትሉ ከባቢ ጉዲፉ ናብ ምህራም ጭራ ገጹ ቀጸለት። ኣብ መንጎ ግና፡ እቲ ቁልዓ ሕጂ እውን ኣብ ቀይሕ ደቦቕቦቓ ከንገርግር ዝጸንሐ ዒሉ ክመስል፡ ኣብ’ታ ዝበሮ ኮፍ ኢሉ ጸኒሑ - ቡተግ በለ’ሞ፡ ንሳልሳይ ግዜ ምልክት ገበረ። ቮልክስ ግና ከም ሽዓኡ መዓልቲ ተብሪህዋ ኣይፈልጥን። ግደ ሓቂ’ውን ከም ሽዓኡ መዓልቲ በዝሒና መሊኣ ኣይትፈልጥን። እንተተብርሃ ኣየሕምያን፣ ንዓኣ እውን ድሌታ ዝመልአ መዓልቲ እዩ።

ኣቶ ጊላይ፡ ንወዮ ቁልዓ ብኸቦ ዓይኑ እናራኣዮ፡ ቀይሕ ደሮና ወሲኹ ሓሊፉዎ ከደ። ቁልዓ ተሰፉ ቁሪጹ፡ ኩርፈፍ ኢሉ ንወሸጢ ገዛኡ ኣተወ። ገጹ ጸምልዩ ወሸጡ ሕማቕ ስምዒት ይህቦ ነበረ። ካብ’ታ፡ ማኪና ኣብ ኣፍ-ደገ ናይ ጉረቤቶም ድኳን መጺኣ ደው ዝበለትሉ ክሳብ’ታ እናተመላለሰት ደሮና ኣልቢሳቶ ንመውዳእታ ግዜ ካብ ዓይኑ ዝረሓቐትላ እናተራእየ፡ ቃዚኑ ብሕማቕ ስምዒት ኩርምሽ ኢሉ ኮፍ በለ። ሰለስተ ግዜ ለሚኑዎ ክዕወት ዘይምኽኣሉ ኣገዶ ሓረቐ። ጥሜት ተሰሚዑዎ፡ ኣዲኡ ካብ ስራሕ ቀልጢፋ ክትመጽእ’ሞ ክተምስሖ - ከብዱ እናሓሸኸ ተጸበየ።

ጉዕዞ ናብ ምህራም ጭራ ናይ ኣቶ ጊላይ፡ ንረኣይቲ ጉድ ዘበለ እዩ። ነታ ከም ሽዓኡ ዕለት ጥዕያ ዘይትፈልጥ ማኪናኡ፡ ሕልፍ ሓሊፉ በቲ ካብ ምህራም ጭራ ንሸንኽ ኣኽርያ ዘውርድ ኣሰላ ኣሰላ ዓቐብ እናኣሰረሰረ ኣደየቦ። የጉዳስ ዝደለዮ ገዛ ተዓጽዩ ጸንሖ። ንኣቶ ግርማይ፡ “ገንዘብ ቀሪበልካ ኣለኹ’ሞ፡ ሕጂ ገዛ ምጽኣኒ” በልዎ - ዝብል መልእኽቲ ጉዲፉ፡ ብዝደየቦ ወረደ። ንገዛኡ ኣቐኒዑ ሓያሎ ሜትሮታት ምስ ከደ ግን፡ ገጽ ናይ’ቲ ቁልዓ ተራእዮ። “ተጋዮ እዚ ከሉ ንሓብተይን ንኣዕሩኽተይን ክሕግዝ ኣሽሓት እናኣጥፋእኩ፡ እዚ ቁልዓ ሰለስተ ግዜ ለሚኑኒ ከሎ ባናና ክኸልኦ” ክብል ምስ ነብሱ ድሕሪ ምዝራብ፡ መኪናኡ ጠውዩ ተመልሰ።

ቮልክስ፡ ነቲ ሰጣሕ ጉደናታት ኣኽርያ ዝፈተወቶ ክትመስል፡ ናብ ዘቦ እያ ትብል። ኣብ’ታ ፈለማ ደው ዝበለላ ድኳን ደው በለ’ሞ፡ ናብ’ታ ድኳን ብምእታው - ክልተ ከሎ ባናና፣ ክልተ ከሎ ኣራንሺ፡ ዝተፈላለዩ ዓይነት ባሽኮቲ፣ ሓደ ጥርሙስ ዓሰር፣ ታኒካ ጸባን ካልእ ዝበለፅ ቀንጡመንጢን ዓዲጊ ሳንጣኡ መሊኡ ወጽአ። እቲ ወሸጡን ወሸጢ ቤቱን ዘይፀቐ ቁልዓ፣ ተመሊሱ ኣብ ኣፍ-ደገ ኮይኑ ነታ ቮልክስ ብዓይኒ ጸልኢ ክጥምታ ጸንሐ። “ንዓ ሃብሮም ወደይ፡ ዓንተቦ ተሃዊኸ ስለዝበርኩ እየ ረረገጽካ ዝሓለፍ ዝበርኩ፡ ኣይትሓዘለይ። እንካ እዚ ንዓኻ እዩ” ክብል ኣብ ቅድሚኡ ገበረሉ። ቁልዓ ቀው ኢሉ ዓይኒ-ዓይኑ ድሕሪ ምርኣይ፡ “መዓስ ትኹብለይ ኢለካ፣ ሕጂ እንታይ ክትገብር ትምለሰ። ሽዑ ደው ኢልካ እንተትሰምዓኒ ምሓሸካ ነይሩ። ሕጂ፡ ኣብ ዝበጽሐ በጺሐም እዮም” በሎ።

“እንታዎት እዮም?” ክብል ኣቶ ጊላይ ተወረሙ ሓተቶ። “እንታዎት’ሞ ክበሎም፣ ንሶኻ ማኪናኻ ኣብ ኣፍ-ደገ ናይ’ዛ ድኳን ደው ኣቢልካ ከይዓጸኻ ምስ ኣቶኻ፡ ክልተ ኣውዩት. . . .” ድሕሪ ምባል፡ በቲ ኣሰበዛ ከይተገደሰ ጉዲፍዎ ንገዛኡ ኣተወ። ኣቶ ጊላይ ጉይዩ ናብ ማኪናኡ ብምኻድ፡ ነታ ኣብ ድሕሪት ብጃኬቱ ከዲኑ ኣቢሉ ኣቐሚጢዋ ዝበረ - ናይ ሎተሪ ገንዘብ ዝመልኣት ሳምሶናይት ርኣዩ እንተ ኣቦኡ ጃኬት ጥራይ ጸንሐ።

ርእሱ ዘወሮ፣ ኩሉ እቲ ንምህ ክደዋወሎን ክበጽሖን ዘርፊደ ተራእዩ። ሞባይሉ ጭርርር በለት። “ገንዘብ ቀሪበልካ ኣለኹ” ዝተባህለ 20 ሽሕ ዘለቀሐ ኣቶ ግርማይ እዩ። ኣብ ርእሲ ጃኬቱ ድማ ደፍኡ - ኣቶ ጊላይ። እታ ምሉእ ረፍዲ መንገዲ ክትሓርስ ዘርፈደት ቮልክስ እውን ጉዱዩ ዝተረደአ ክትመስል፡ ክልተ ናይ ቅድሚት ጎማኣ ፍሽሽሽ. . . ብምባል ነፈሱ ንቕድሚት ደፍኣ በለት። ገዞሚ ተሰሪቑ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኣድራሻ | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ኤደን | 29/09/2019 | ከባቢ ዩኒቨርሲቲ ጥቓ ባር ሊድያ | 110750 |
| ፋርማሲ ሰናይ | 29/09/2019 | ጎደና ዓዲ ኣበይቶ ቁ.84 ትሕቲ ባር ኣስመላሽ (ዓዶ ሰሄል) | 08370129 |
| ፋርማሲ ጃልያ | 29/09/2019 | ጎደና ሰገነይቲ ቁ.84፡ ፊት ቤት ትምህርቲ ጃልያ | 110680 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ    ቁ.ቴሌፎን 127565